# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.22 ዓርቢ 26 መስከረም 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ደገፍ ማሕበረሰብ ዓለም... ?



ገጽ 4
ምቕይያር ክሊማ ኣብ ጥዕና...



ገጽ 5



ተጋዳላይ፡ ካብ ጕስነት ክሳብ ማስተርነት

ገጽ 7
ኣብ "ሃዳሙ" ዝተረኽቡ...



# ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢን ፍልይቲ ልእኽቲ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ርክባት ኣካዪዱ




ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፥ ጎኒ-ጎኒ መበል 80 ዓመታዊ ዋዕላ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ትማሊ 25 መስከረም ኣብ ኒውዮርክ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ዝተፈላለያ ሃገራትን ፍልይቲ ልእኽቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ርክባት ኣካዪዱ።

ልኡኽ ኤርትራ፥ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኩባ - ብሩኖ ሮድሪጌዝ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሽወደን - ማርያ ማልመር፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዖማን - በድር ቢን ሓመድ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጋምብያ - ሰሪኝባ ሞዱ፥ ከምኡ'ውን ፍልይቲ ልእኽቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ዶ/ር ኣኔተ ዌበር ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕብባርን ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ተዘራሪቡ።

ሚኒስተር ዑስማንን ሚኒስተር በድር ቢን ሓመድን ኣብ ርክቦም፡ ሕውነታውን ታሪኻውን ዝምድና ኤርትራን ዖማንን ብሓፈሻ ኣብ ቁጠባን ንግድን ድማ ብፍላይ ድሕሪ ምዝታይ፥ ኣብ ብድሆታት ሰላምን ጸጥታን ኣህጉር ኣፍሪቃ ርእይቶታት ተለዋዊጦም።

ሚኒስተር ዑስማንን ፍልይቲ ልእኽቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ዶ/ር ኣኔተ ዌበርን ድማ፥ ኣብ ኣገዳሲ ጉዳያት ሰላምን ጸጥታን ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን፥ ከምኡ'ውን ምትሕግጋዝ ኤርትራን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ብዕምቈት ተዘራሪቦም። ግዝኣታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ናጽነትን ናይ ኩለን ሃገራት ክኽበር ከምዘየድሊ'ውን ተገንዚቦም።

ኣብቲ ርክቡ፥ ዶ/ር ኣኔተ ዌበር፥ ንኣጉዳሲ ተራ ኤርትራ ኣብቲ ዞባ ብቐንዱ ድማ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነትን ጸጥታን መገዓዝያ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ መጉሳ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፥ ብ24 መስከረም ንክሊማ ኣብ ዝምልከት ላዕለዋይ ርክብ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ብምስታፍ፥ ንመርገጽን ርእይቶን ኤርትራ ኣብቲ እዋናዊ ዛዕባ ዝምልከት መደረ ኣስሚዑ።






ኤርትራ ከም ሓያሎ ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝርከባ ሃገራት፡ ብኸቢድ ሳዕቤናት ክሊማዊ ነውጺ ተጻልያ ከምዝላ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዑስማን፥ ምውሳኽ ዋዒን ክብ-ለጠቕ ዝበል መጠን ዝናብን ኣብ ቁጠባና ሰንበራት ብምግባር ንህይወት ህዝብና ብድሆ ይኾና ከምዝለዉ ብምጥቃስ፥ ኤርትራ ነዚ ንምግጣም ብውጥን ንእተካየዱ ዘላ ምቕሉል ንጥፈታት ኣብሪሁ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣሰዪቡ፡ ትሕልንቲ፡ ንጹርነትን ሽርክነትን ኣብ ዝበልጸ ሰለስተ ዓንድታት ዘተኩረ መልእኽቲ ኤርትራ ኣመሓላሊፉ።



ብኻልእ ወገኑ፡ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም፡ ብ24 መስከረም ኣብ መበል 49 ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ጉጅለ 77ን ቻይናን ተሳቲፋ።

ኣምባሳደር ሶፍያ ኣብ ዘስመዓቶ መደረ፥ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ቅዱስ ዕላማታቱን ብስሉዓትን ገበትቲን ሓይልታት ተጨውዩ ከም መሳርሒ ንጸቓጢ ኣጀንዳታትን ዘይፍትሓዊ ዓለማዊ ቁጠባዊ ስርዓትን ኩይኑ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ነዚ ንምብዳህ - ኣባል ሃገራት ብቓልን መንፈስን ኣብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ክየስላ፥ ኣህጉራዊ ሕጊ ክኽበራ፥ ከምኡ'ውን ኣብ መትከላት ዘይምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ክጸንዓ መብጽዓ ከምዝለወን ኣገንዚባ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፥ ብ23 መስከረም'ውን ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሱዳን፡ ብሩንዲ፡ ግሪኽን ፖርቱጋልን ተመሳሳሊ ርክባት ምኻየዱ ዝዝከር'ዩ።



ዜና

# ጸገም ዝስተ ማይ ምምሕዳር ከባቢ ሰሳሕ ተፈቲሑ



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሰሳሕ ዝበረ ጸገም ዝስተ ማይ ንምፍታሕ፡ ብምውህሃድ ኩባንያ ዓዲሃሎ፡ ክፍሊ-ማይ፡ እዚ ማእከልን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረን ዝተዋደደ ፕሮጀክት፡ ብ21 መስከረም ተመሪቑ።

እቲ ፕሮጀክት፡ ዒላ፡ ባዕከን ኣብ ማእከል ዓዲ ዝተሃንጸ መከፋፈሊ ነቑጣን የጠቓልል።

ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ወ/ሮ ዑቕባ ኣሰታ ኣብ ዝሃበቶ ቃል፡ ህዝቢ ን3 ሰዓታት ተጓዒዙ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክስቲ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ መንግስትን ሰራዊት ልምዓትን ንዘበርክቶ ኣበርክቶ ኣመስጊና።

ኣኪያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ ግርማይ እሴት ድሙ፡ ህዝቢ ዝ. ኣብ መመረቕታ በጺሑ ዘሎ ምንጪ ማይ ብዕቱብ ክከናኸኖ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ስራሕ ንዝተሳተፈት ኣሃዱ ዝወከለ ሜጀር ሓሰን መሓመድ-ኢብራሂም ብወገኑ፡ እቲ ፕሮጀክት ኣብ መፈጸምታ በጺሑ ህዝቢ ርህዶም ምርኣዩ ዝተሰመዖ ሓጎስ ድሕሪ ምግላጽ፡ ማይ ብጽሬት ምስ ዘይተሓዘ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገማት ክኸውን ስለዝኽእል፡ ህዝቢ ብጽሬትን ውሕልነትን ክሕዞ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ሰሳሕ ናይ ምሳሕ እንግዶት ብምግባር፡ ልባዊ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ምምሕዳር ከባቢ ሰሳሕ፡ ካብ ከተማ ደቀምሓረ ንሸነኽ ሰሜን 4 ኪሎሜትር ርሒቓ ትርከብ።

# ኣብ ሻምብቆ፡ ፎሮን ናቕፋን፡ ውጽኢት ትምህርቲ ንምሕያል ተዘትዩ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሻምብቆ፡ ፎሮን ናቕፋን፡ ብልጫታትን ብደሆታትን ዝሓለፈ ዓመት-ትምህርቲ ብምግምጋም፡ ውጽኢት ትምህርቲ ንምሕያል ብውህደት ንምስራሕ ተዘትዩ።

ብ21 መስከረም ኣብ ሻምብቆ ኣብ ዝተኻየደ፡ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣቦላት ኮሚቲ ወለዲ፡ ርእሰ-መማህራንን ወከልቲ መንግስታውያን ትካላትን ዝተረኽብሉ ርክብ፡ ሓላፊ ትምህርቲ መምህር መሓሪ ተኽሰ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ብዙሕ ዝተወሰደ ተወሰኽቲ ክፍልታት ናይ ምህናጽ ተበግሶ ንደረጃ ኣብያተ-ትምህርትን ተሳታፍነትን ከምዘዕበየ ብምጥቃስ፡ ቀጻሪ ተመሃሮ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ብ47 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣረዲኡ።

ርእሰ-መማህራን ብወገኖም፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶም ዝበረ ሕጽረታትን ንምቕላሉ ዝተወሰደ ስጉምትታትን ብዝምልከት ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዝርአ ምድንጓያት ክእረም፡ ኣብ ግዜያዊ ቦታ ዝምሃሩ ኣብያተ-ትምህርቲ ቀልሕታ ክዋሃበለን፡ ከምኡ'ውን ሕጽረት መጽሓፍትን መሳለጥያ ምህሮን ክሕሰበሉን ካልእን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ያሲን መሓመድ ኣብ ዝሃቦ መዘኻኻሪ ቃል፡ እቲ ገምጋም ምስ ምጅማር ንጥፈታት ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026 ምኻዱ፡ ዝበረ ጸገማት ኣለሊኻ ንምእራሙ ሓጊዙ ከምዝኸኣለ ብምጥቃስ፡ ሕጽረታት ከም ቀዳምነታቱ ንኽፍትሑ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ፎሮ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እስማዒል ዓሊ፡ ዝርግሐን ተበጻሕነትን ኣብያተ-ትምህርቲ ክሳብ ዝራሓቐ ከበቢታት ንምርግጋጽ ብዕቱብ ሳላ ዝተሰርሐ፡ ተሳትፎ ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቀኣንስትዮን ህጻናትን ድማ ብፍላይ ከምዝዓበየ ሓቢሩ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ተሳትፎ ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብ8.5 ሚእታዊት ክውሰኽ ከሎ፡ ማጠን ምሕላፍ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 66 ሚእታዊት ከምዝበጽሐን ምስ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብ17 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘርኣየን ክፍለጥ ተኻኢሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ርክብ፡ ሓላፊ ትምህርቲ መምህር ዓብዱላዚ ሳልሕ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ኣተባባዒ ውጽኢት ዘዚ ከምዝደኸሞ ብምሕባር፡ ብቐዓት ትምህርቲ ንምሕያል ወለድን መማህራንን ብውህደት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ተስፋይ ኢያብ ድሙ፡ መሳርሒ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምዕዛዝ ወሁድ ስራሕ ናይ ኩሎም ኣካላት ወሳኒ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ኣብ'ቲ መሳርሒ ዘጋጥሙ ሕጽረታት ንምእላይ ብወገን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዘድሊ ደገፍ ከምዝግበር ኣረጋጊጹ።

# ማእከል - ብዝተፈላለየ ሞያታት ዝሰልጠኑ 147 ተመሃሮ ተመሪቖም

ሃገማመተኤ ዞባ ማእከል ምስ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ማሕበር ተወሃሃዱ ን8 ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ዓውደ ሞያታት ዘሰልጠኖም 147 ተመሃሮ፡ ብ20 መስከረም ኣመሪቑ።

እቲ ኤሌክትሮኒክስ፡ ኣኒሜሽን፡ ሮቦቲክ፡ ፕሮግራሚንግ፡ ፓይተንን ካልእን ዘጠቓልል ስልጠና፡ ቀንዲ ዕላማኡ - ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፍውስ ምህዞዊ ሓሳባት ንምትብባዕ ከምዝኾነ፡ ኣብ ሃገማመተኤ ዞባ ማእከል ሓላፊ ክፍሊ ፕሮጀክት መንእሰይ ሚሮን ክፍሊት ገሊጹ።

ሰልጠንቲ፡ ብዘቕሰምዎ ፍልጠት ሓሳባት ክፈጥሩ፡ ከምኡ'ውን ወጥናት ክፈድፉን ናብ ግብሪ ክትርጉሙን ዘኽእሎም ተመክሮ ኣጥርዮም ከምዝለዉ፡ ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ስልጠና ኣቶ ሃኒ ሃብተማርያም ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዝሃቦ መምዕዲ ሓሳብ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ዝተዋህበ ብዓብሪ ዝተሰነየ ትምህርቲ ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ክዉን ክኸውን ንዝጸዓሩ ኩሎም ኣካላት ኣመስጊኑ።


ስእሊ. ዮናታን ዮዕብዮ

ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ቀሲሞሞ ዝለዉ ስልጠና ከም መንጠሪ ባይታ ተጠቒሞም፡ ሞያኦም ብዓብራዊ ዕዮ ከምዘማዕብልዎ ቃል ኣትዮም።

እቲ መደብ፡ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቍባ ብዘቕረቦቶ መደብ ማዕርግ ነይሩ።

# ሱታፌ ደቂኣንስትዮ ንምዕዛዝ፡ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ሱታፌ ደቂኣንስትዮ ኣብ ማሕበራቁጠባዊ ንጥፈታትን ህዝባዊ ስልጣንን ንምዕዛዝ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ፡ ብ23 መስከረም ኣብ ከተማ መንደፈራ ተዋሂቡ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣብ ስራሕ መንግስቲ ተዋፊረን ዝርከባ ከኣ ብፍላይ፡ ንቕሓተን ኣብሪሆን ጽልዋአንን ብቕዓተንን ኣብ ዝተዋፈራሉ ዓውዲ ንምዕባይ ክጽዕራ ኣተሓሳሲባ።

ተልእኾ ሃማደኤ ኩሉመዳያዊ ማዕርነት ደቂኣንስትዮ ምርግጋጽ፣ ከምኡ'ውን ንጡፍ ተሳታፍነተንን ረብሓአንን ኣብ መደባት ህንጸት ሃገር ክዉን ምግባር ከምዝኾነ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሰናይት፡ ውዳበ ንድኻም ናብ ሓይሊ፣ ንዋሕዲ ድማ ናብ ብዝሒ ዝቕይር ጥበብ ስለዝኾነ፡ ኩለን ደቂኣንስትዮ ኣብ ማሕበር ክየእላ ጸዊዓ።

ማሕበር ምስ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብምውህሃድ፡ ድሑር ልምድታትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ንምውጋድ ዘካየደቶ ንጥፈታት ዘተባብዕ ውጽኢት ከምእተረኽበ ብምግላጽ፡ ኣብ ትምህርትን ሞያን ዝምዝገብ ዘሎ ውጽኢት ንምሕያል'ውን ዝተፈላለየ መተባብዒ መደባት ከምእተኻየደ ሓቢራ።

ወ/ሮ ሰናይት ኣተሓሒዛ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫታት ምምሕዳራት ከባቢ 118 ደቂኣንስትዮ ብደረጃ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ምምራጸን ብምጥቃስ፡ እዚ ኣተባባዒ'ኳ እንተኾነ፡ ንዝበረኸ ውጽኢት ንቑሕ ተሳትፎአን ኣበርክቶአን መሰረታዊ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ተሳተፍቲ ብወገኦን፡ ኣብ ዝተዋፈራሉ ትካል መንግስቲ ብኣድማዕነት ንኸበርክታ፡ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ባይታ ክፍጠረለን ኣዘኻኺረን።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ደገፍ ማሕበረሰብ ዓለም ንሕልሚ ፍልስጤማውያን የግህዶ ዶ ይኸውን?

ብሰንኪ’ቲ ኣብ ቓዛ ተኸሲቱ ዘሎ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝጸንሐ ኣህጉራዊ ጸቕጢ እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ። በዚ ከኣ፡ ኣብዚ ቕንያት ሓያሎ ሃገራት ንሃገረ ፍልስጤም ኣፍልጦ ክህባ ይሰምዓ ኣለዋ።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ኣዋርሕ፡ ብሪጣንያ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ክትህባ ምኻና ብተደጋጋሚ ክትሕብር ጸኒሓ እያ። ሕጂ ድማ፡ ብመንገዲ ቀዳማይ ሚኒስተራ ኪር ስታርመር ኣቢላ፡ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝቃናዕ ዘሎ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ከም ዝሃበታ ብወግዒ ኣፍሊጣ ኣላ። እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ንምፍታሕ ኑቲ ስጉምቲ ከም ዝወሰዶ ብምሕባር፡ ኣብ ፍልስጤም ነባሪ ሰላም ንምምጻእ እቲ ውሳነ ዓቢ ተራ ከም ዘህልዎ ይገልጽ ኣሎ። ብሪጣንያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ብቕልጡፍ ከተቋርጾን፡ ምምስራት ክልተ ሃገራት ንዝውብል እማመ ሰላም ክትሰማማዓሉን ዝብሉ ቅድመ ኩነታት ኣቕሪባ ምንባራ ዝዘከር እዩ። እስራኤል፡ ነቶም ቅድመ ኩነታት እንተ ዘይተቐቢላ፡ ብሪጣንያ ኣብቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝቖየድ ዘሎ ሓፈሻዊ ጉባኤ ንምስረታ ሃገረ ፍልስጤም ክትጽውዕ ምኻና እያ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ። እንተ ኾነ እስራኤል፡ ልኡላዊት ሃገረ ፍልስጤም ኣብቲ ዞባ ንጸጥታዊ ድሕነተይ ሓደገኛ’ዩ ብምባል፡ ኑቲ ብብሪጣንያን ካልኦት ሃገራትን ዝቐረበ ጻውዒት ብትሪ ክትነቕፎን ክትቃወሞን እያ ክትሰምዕ ጸኒሓ። ብዙሓት ወገናት፡ ብሪጣንያ ሰለምንታይ’ያ ክሳብ ሕጂ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ዘይሃበት ኢሎም ክሓቱ ጸኒሖም’ዮም። ኣባላት ባይቶ ብሪጣንያ፡ መንግስቲ ሃገሮም ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ክህባ ኣብ 2014 እዮም ጻውዒት ኣቕሪቦም ነይሮም። ኣብቲ እዋን ኣብ ዝተኻየደ ድምጺ ናይ ምሃብ መስርሕ፡ 274 ኣባላት ባይቶ ንምስረታ ሃገረ ፍልስጤም ዝድግፍ ሓሳብ ክህቡ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ 12 ኣባላት ጥራሕ’ዮም ኑቲ ሓሳብ ነጺጎሞ። እንተ ኾነ፡ ኣብ’ዘን ዝሓለፋ 11 ዓመታት፡ ፍልስጤም ከም ሃገር ብመንግስቲ ብሪጣንያ ኣፍልጦ ከይተዋህባ’ያ ጸኒሓ። በዚ ከኣ፡ ልዑል ደገፍ ባይቶ ብሪጣንያ፡ ኣብቲ ኣፍልጦ ሃገርነት ፍልስጤም ዝብል ነጥቢ ዝኾነ ለውጢ ከምጽእ ከም ዘይተራእየ እዮም ብዙሓት ወገናት ክሕብሩ ጸኒሖም። ኣብ እዋን ኩናት ቓዛ፡ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ብሪጣንያ ንመጥቃዕትታት እስራኤል ኣብ ቓዛ ዝቃወምን ዝኹንንን ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻይዱ’ዩ። እቲ ብተደጋጋሚ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ክትረኽብ፡ ብዓቢኡ ድማ ብሪጣንያ ንእስራኤል እትህቦ ወተሃደራዊ ሓገዛት ደው ከተብሎ ዝጽውዕ እዩ ነይሩ።



ብሪጣንያ፡ ኣብ’ዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት፡ ንእስራኤል እልቢ ዘይብሉ ኣጽዋር ብመልክዕ ሓገዝ ሂባታ እያ - ብመሰረት ጸብጻባት። በዚ ከኣ፡ ብሪጣንያ ኑቲ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ብንዋትን ሞራልን ክትድግፎ ምጽናሓ’ዩ ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።

ብተመሳሳሊ፡ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማንዌል ማክሮን እውን፡ ሃገሩ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ከም ዝሃበት እዩ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘስመዖ መደረ ኣፍሊጡ። እቲ ሃገሩ ዝወሰደቶ ውሳኔ፡ ኑቲ ኣብ ቓዛ ተኸሲቱ ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው ዘኽትምን፡ ነባሪ ሰላምን ርግኣትን ድማ ዘውሕስን ምኻኑ፡ እቲ ፕረዚደንት ገሊጹ። ብተመሳሳሊ፡ በልጂዩም፡ ላክሰምበርግ፡ ኣንዶራ፡ ማልታን፡ ሳን ማሪኖን እውን ንሃገረ ፍልስጤም ኣብ ቀረባ መዓልታት ኣፍልጦ ክህባኣ ምኻነን’ዩ እቲ ፕረዚደንት ኣመልኪቱ። ንሱ ወሲኹ፡ ኩናት ቓዛ ደው ዝበለሉን፡ ብሓማስ ጆሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ድማ ናጻ ዝልቀቑሉን ግዜ’ውን ከም ዝኣኸለ ሓቢሩ። ብዘይካ’ዚ፡ ፖርቱጋል፡ ኣውስትራልያን ካናዳን እውን ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ከም ዝሃባኣ እዩ ኣብቲ መዓልቲ ተጋዊሑ። ኣየርላንድን ኖርወይን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ምሃበን ኣይርሳዕን። ይኹን’ምበር፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ እዚ ኩሉ በዘን ሃገራት ዝውሰድ ዘሎ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ናይ ምሃብ ውሳኔ፡ “ንሓማስ እስራኤል ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ንሸበራውያን ድማ ዘተባብዕን እዩ” ብምባል ብትሪ ክኹንኖን ክነጽጎን እዩ ተሰሚዑ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብዚ ዛዕባ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር ከም ዘይተረዳድኡ ይሕብር ኣሎ። ኣመሪካ፡ “ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ምሃብ ማለት፡ ንሓማስ ከም ምሽላም ማለት’ዩ” ብምባል ኑቲ ሓሳብ ክትነጽጎ እያ ተሰሚዓ። በዚ ከኣ፡ ናይ ሓያለ ሰበ ስልጣን ፍልስጤም ቪዛ ክትሰርዝን ናብ ኣመሪካ ከይኣትዉ ክትከልክልን ከም ዝጸንሐት ጸብጻባት የመልክቱ። ብተወሳኺ፡ ኣመሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ንኣፍልጦ ሃገረ ፍልስጤም ንምሃብ ብዝለዓለ ድምጺ ዝተቓወመት ሃገር ምኻና እዩ ዝጥቀስ። ኣመሪካ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ንምሃብ ብሕጂ እውን ዝኾነ መደብ ከም ዘይብላ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብመንገዲ ምክትል ፕረዚደንታ ጄይ ዲ ቫንስ ኣቢላ ሓቢራ ነይራ። ብተመሳሳሊ፡ ሲንጋፖር፡ ደቡብ ኮርያ፡ ጃፓን፡ ፓናማ፡ ሃንጋሪ፡ ቸክሪፓብሊክን ካልኦት ሃገራትን፡ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ከም ዘይሃባኣ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብቲ ዝቖየድ ዘሎ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ውድብ ኣንቶኒ ጉተረሽ፡ እማመ ‘ፍታሕ ክልተ ሃገራት’ ንሰላም ፍልስጤማውያንን እስራኤላውያንን እቲ ቀዳማይ ኣማራጺ ምኻኑ’ዩ ኣስሚሩሉ። ኣብቲ ጉባኤ፡ ኣመሪካ ንመእተዊ ቪዛኡ ብምስራዛ ብኣካል ክሳተፍ ዘይከኣለ ፕረዚደንት ርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ቀዋሚ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር፡ ኣብቲ ብምግዛ ዘስመዖ መደረ ጸዊዑ። ሓማስ ኣብ ምምሕዳር ቓዛ ዝኾነ ተራ ከም ዘይህልዎ ዝሓበረ እቲ ፕረዚደንት፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ዕጥቁ ንምምሕዳር ፍልስጤም ከረክብ’ውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣተሓሳሰበ።

ፍልስጤም፡ ከም ልኡላዊት ሃገር ተቖጺራ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ዓለም ውድድራት ትሳተፍ እያ። እንተ ኾነ እታ ሃገር ብዓለም ደረጃ ዘፍልጡዋ - ወግዓዊ ስምምዕ ዝተበጽሓሉ ወሰን ዶብ ይኹን ርእሰ ከተማ ከም ዘይብላ እዩ ዝንገር። እዚ ሕጂ ፍልስጤም ብብዙሓት ሃገራት ረኺባቶ ዘላ ኣፍልጦ ሃገርነት ግን እኹል ድዩ? ዝብል ሕቶ፡ ኣብዚ እዋን ንብዙሓት ወገናት ኣዛራቢ ዛዕባ ኮይኑ ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር። ፍልስጤም ከም ሃገር እንተ ደኣ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ረኺባ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዶባታ ክትፈሊ ትኽእል ድያ? ርእሰ ከተማኣ ኸ መን እያ ክትከውን? ናይ ጉዛኣ ርእሳ ክሊ ኣየር ክህልዋ ይኽእል ድዩ? ዝተመዝበሉ ዜጋታታ ኸ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ናብ መረበቶም ክምለሱ ይኽእሉ ድዮም? ዝብሉ ሕቶታት፡ እቶም መልሲ ዘድልዮም መሰረታውያን ኮይኖም ከም ዘለዉ’ዩ ዝግለጽ።

ፍልስጤማውያን ከም ርእሰ ከተማኦም ዝቖጽርዋ ምብራቕ ኢየሩሳሌም፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ከም እትርከብ እዩ ዝሕበር። በዚ ከኣ፡ እስራኤል ንጻውዒት ሃገራት ዓለም ሰሚዓ ካብቲ ከባቢ ክትእለ ትኽእል ድያ? ወይ’ውን መን እዩ ኑቲ መሬት ናብታ ኣፍልጦ ሃገርነት ዝተዋህባ ፍልስጤም ክመልሶ ዝኽእል? ዝብሉ ሕቶታት ገና ኣይተመለሱን ዘለዉ።

ኣብዚ እዋን እስራኤል ንኸተማ ቓዛ ንምቁጽጻር፡ ሰፊሕ ናይ ኣጋር መጥቃዕቲ ከተካይድ ጀሚራ ምህላዋ’የም ጸብጻባት ዝጠቕሱ። በዚ ከኣ፡ ልዕሊ 450 ሽሕ ፍልስጤማውያን እግሮም ናብ ዝመርሖም ይሃድሙ ከም ዘለዉ ይግለጽ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ፡ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ናብ ልዕሊ 65 ሽሕ ክብ ኢሉ ኣሎ።



### ሎሚኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ጾር’ታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንካዕ ዝማም |

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምቅይያር ክሊማ ኣብ ጥዕና ነፍሰ-ጾር




ምቅይያር ክሊማ ኣብ ጥዕና ወዲ ሰብ ዝህልዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ምስ ምቅይያር ክሊማ ክረኣዩ ዝኽእሉ ጥዕናዊ ጸገማት ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም - እቲ ጽልዋ፡ ንኣእምሮኣዊ ጥዕና ሓዊሱ፡ ጽሩይ ከቢቢያዊ ኣየር፡ ከምኡ'ውን ጽሬቱ ዝሓለወ መኣዛዊ መግቢ ዝስተ ማይን ክትረክብ ንዘለካ ተኽእሎ ዘጠቓለለ እዩ።

ምቅይያር ክሊማ፡ ኣብ መንጎ ጾታ፡ ዕድመን ናይ ምጽዋር ዓቕምን ናይ'ቲ ጉዳይ ሓሊፉ፡ ኣብ መንጎ ነፍሰጾራት ዘውርዶ ጥዕናዊ ሃሰያ'ውን ዝተፈላለየ እዩ።

መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ግዜአን ምስ ምሉእ ጥዕና እየን ዘሕልፍኦ። ከምኡ ምስ ዝኾውን ድማ፡ ጥዕና ዘለዎ ዕሸል ይገላገላ። ይኹን'ምበር፡ ክሊማዊ ምቅይያር፡ ኣብ ከቢቢያዊ ጥዕና ጉድኣት ስለ ዝህልዎ፡ ንጥዕና ነፍሱጾር ፈታኒ እዩ ዝኸውን። ከም ሳዕቤኑ ኣብ'ታ ነፍሱጾር ሓያሎ ሓልክታት ይፍጠር። ገለ ካብኡ፦

•ትሕቲ ንቡር ክብደት ዘለዎ ህጻን ምግላጋል።

•መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል ምግልጋል ምጥቃስ ይከኣል።

ቅድሚ 37 ሰሙንታት ግዜ ጥንሲ ዝውለድ ዕሸል መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል እዩ ዝቑጸር።

ምውሳኽ ሙቐትን ጸቕጢ ኣየርን ንባዕሉ፡ ኣብ መጠን ናይ ኣብ ህዋ ናይ ዝህሉ ‘ኦዞን’ እዩ ዝምርኮሱ። ጣቓን ግመን ብሰንኪ ኣብ ክሊማ ዝርአ ምቅይያራት እዩ ዝፍጠር። እዚ፡ ንዓይነት ናይቲ እነስተንፍሶ ኣየር ዝሓመቐ ይገብሮ - ብከላ ኣየር።

ንብከላ ኣየር ዝተቓልዐት ነፍሰጾር፡ ኣብ ንቡር እስትንፋስ ጸገማት ስለ ዝፈጥረላ፡ እቲ ኣብ ማህጸን ዝርከብ ዕሸል ግቡእ መግብን ኣየርን ክረኽብ ኣይክእልን። እዚ ትሕቲ ንቡር ሚዛን ወይ ትሕቲ መዓልቱ ዕሸል ክትገላገል ካብ ዝገብሩ ጠንቅታት ሓደ እዩ።

**ምስ ሙቐት ዝመጽእ ሕማም - Heat Illnesses**

ሓደ ሰብ ንልዑል ሙቐት ምስ ዝቃላዕ'ሞ፡ ሰብነቱ ባዕሉ ብዘፈጥሮ መከላኸሊ ቀልጢፉ ክዘሕል ምስ ዘይክእል፡ ምስ ሙቐት ብዝመጽእ ሕማም ተጠቒዑ ከም ዘሎ ክረጋገጽ ይኽእል። ልዑል ሙቐት ንዝኾነ ሰብ እንተላይ ነፍሱጾር ሓዊሱ፡ ኣብ ጥዕና ከቢድ ፅንወት ወይ ሞት ከስዕብ ይኽእል።

ንልዑል ሙቐት ምቅላዕ ኣብ ነፍሱጾር ንቐጸት ሰብነትን ጉድኣት ኣብ ኩሊትን ከወርድ ይኽእል። ነፍሱጾር ልዕሊ ማንም ካልእ ሕብረተሰብ ንወቕዒ ሙቐት ዝተቓልዐት እያ። ንልዑል ሙቐት ዝተቓልዐት ነፍሱጾር፡ ኣብ ዘይመዓልቱ ዝውለድ ትሕቲ ንቡር ዝኽብደቱ ወይ ምዉት ዕሸል ክትገላገል ዘለዋ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

**ምስ እስትፋስ ዝተኣሳሰር ሕማም - Respiratory Illnesses**

ምቅይያር ክሊማ ሓደ ካብ ጠንቂ ምብካል ከቢቢያዊ ኣየር እዩ። ጣቓ፡ ግሙ፡ ልዑል ሙቐት፡ ኣብ ደረጃ መሬት ዝህሉ መጠን ኦዞን ከም ዝዓቢ ስለ ዝገብሩ፡ እቲ እነስተንፍሶ ኣየር ጽሬቱ ዝተሓለወ ኣይከውንን። በዚ ጸገም'ዚ ብቐሊሉ ተኣፈፍቲ ዝኾና ነፍሱጾራት እየን። ኣዚ ጸገም'ዚ ዝተቓልዐት ነፍሱጾር ኣብ ዘይመዓልቱ ዝውለድ ዕሸል ክትገላገል ዘለዋ ተኽእሎ ዝሰፍሐ እዩ። እቲ ድቂ ሰር ዝሰደደ ምስ ዘይከውን ድማ ምብርዓን ጥንሲ ኪጋጥማ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ።

**ኣብ ግዜ ጥንሲ ቀላሒታ ዘድልዮም ጥዕናዊ ጸገማት**

መብዛሕትአን ነፍሱጾራት፡ እቲ ጥንሲ ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገማት ከየስዓበለን እየን ዝገላገላ። ገለ ግና ምስ ጥንሲ ተኣሳሲሩ ዝመጽኣን ሕማማት ኣሎ። እቲ ዝመጽእ ጥዕናዊ ጸገማት ምስ ምቅይያር ክሊማ ክብደቱ ክዓቢ ስለ ዝኽእል፡ ብኣግኡ ግቡእ ጥንቃቐን ሕክምናዊ ምክትታልን ክትገብር ትማከር። እዚ ምስ እትገብር፡ ኣብ ልዕሊኣን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕሸልን ክስዕብ ዝኽእል ሕልኽላኻትን ጥዕናዊ ጸገማትን ክውገድ ይከኣል እዩ።

**ጸቕጢ ደም**

ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ እቲ ካብ ልቢ ናብ ካልኦት ኣካላትን መዳሕንትን ዝወስድ ሻምብቆ ደም ‘ኣርተሪ’ ምስ ዝጸብብ እዩ። እቲ ዝፍጠር ልዑል ጸቕጢ ደም ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ብምግባር ምቁጽጻሩን ምክትታሉን ምስ ዘይከኣል፡ ቅድሚ መዓልቱ ወይ ትሕቲ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘለዎ ዕሸል ክትገላገሊ ዘለኪ ተኽእሎ ዝዓበየ እዩ።

**ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ**

ነፍሱጾር፡ ኣካላታ ብግቡእ ሽኮር ክምስርሕ ምስ ዘይክእል፡ ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ ኪጋጥማ ይኽእል። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ደማ ልዑል ዓቐን ሽኮር ክህሉ ይገብር። ከምዚ ጸገም ዘጋጠማ ነፍሱጾር ምስ ሓኪም ብምርድዳእ ኣብ ኣመጋግባኣ ጥንቃቐ ክትገብር ይግባእ። ምስ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮር ድሕሪ ሕርሲ ይጠፍእ እዩ።

**ምምራዝ ደም**

ኣብ ነፍሱጾራት ዝርአ ምምራዝ ደም (Preeclampsia) ድሕሪ 20 ሰሙናት ዕድመ ናይቲ ጥንሲ ኣብ ዘሎ ግዜ እዩ ዘጋጥም። ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ኩሊትን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም ዘጋጠመን ነፍሱጾራት ክሳብ ዝገላገላ ቀጻሊ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ ዝግበረለን። ኣዝዩ ሓደገኛ ብምዃኑ'ውን ነቲ ጥንሲን ነቲ መዳሕንትን ብኣግኡ ምእላይ ገለ ካብቲ ዝግበር ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ።

**ምብርዓን ጥንሲ**

ምብርዓን ጥንሲ ኣብ ቀዳሞት 20 ሰሙናት ግዜ ጥንሲ እዩ ዝርአ። ምብርዓን ጥንሲ ምሉእ ጥዕናዊ ብቕዓት ኣብ ዘለወን ነፍሱጾራት'ውን ከይተረፈ እዩ ዘጋጥም። ኣብ ገሊአን'ውን ጥንሲ ከም ዘለወን ከየስተብሃላ ኪጋጥመን ይኽእል እዩ። ስለዚ እዚ ዓይነት ምስ ጥንሲ ዝመጽእ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ንምክልኻሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

**ስሕወ ደም**

ስሕወ ደም (Anemia)፡ ኣብ ሰብነትና ትሕቲ ንቡር ቁጽሪ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ምህላው እዩ ዘመልክት። ‘ኣነምያ’ ዘለዎ ሰብ ብቐሊሉ ድኻም ሰብነት ይሰምዖ። ቆርበት ሰብነቱ ፋሕሻው ይኸውን። ‘ኣነሚያ’ ብዙሕ ጠንቅታት እዩ ዘለዎ። ከም ‘ኣይረን’ ዝኣመሰለ መተካእታ መድሃኒት ብምውሳድ ነቲ ጸገም ክትፍውሶ ይከኣል። ስሕወ ደም ብዙሕ ግዜ ኣብ ነፍሱጾራት ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ነፍሱጾር ምዃና ምስ እተረጋግጽ ጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምውሓስ ግቡእ ክንክን ክትገብር ይግባእ። ገለ ካብቶም ሓጋይም ዝሁብዎ ምኽርታት ንምጥቃስ፦

**እኹል ቫይታሚን ‘ዲ’ን ‘ፎሊክ ኣሲድ’ን ምውሳድ**

‘ፎሊክ ኣሲድ’ (Folic acid)፡ ቫይታሚን ‘ቢ’ ምዃኑ እዩ፡ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ኣብ መትናዊ ሻምብቆታት ጸገማት ከየጋዕብል ዝሕግዝ መኣዛ እዩ። እዚ መኣዛዚ ናይ ምጥናስ መደብ ካብ ዝህልወኪ እዋን ኣትሒዝኪ ብግቡእ ዓቐኑ ክትወስድዮ ተመሪጺ እዩ። ጥንሲ ኣብ ዝሓዝክሉ እዋን ክትጀምርዮ ከም እትኽእሊ'ውን ክኢላታት ይገልጹ እዮም። እቲ ጥንሲ ክሳብ 12 ሰሙንታት ዘቑጽር ክውሰድ ይከኣል።

ቫይታሚን ‘ዲ’ (Vitamin D)፡ እቲ ዕሸል ተሪርን ጥዕና ዘለዎን ኣዕጽምቲ፡ ኣስናን ከምኡ'ውን ጭዋዳ ከማዕብል ይሕግዞ። መጠን ‘ካልሸየም’ ከምኡ'ውን ‘ፎስፌይትን’ ኣብቲ ዕሸል የመዓራርዮ። ቫታሚን ‘ዲ’ ብመልክዕ መተካእታ ከኒናታት ይዳሎ እዩ። እታ ነፍሱጾር ዋሕዲ ናይዚ መኣዛዚ ከም ዘለዋ ምስ እትግንዘብ፡ ናብ ሓኪም ብምኻድ ክትወስዶ ይከኣል እዩ።

• ቆርበት ሰብነታ ምስ ዝፍሕሸ፡ ምስ ዝደርቐን ከምኡ'ውን

• ብዙሕ ግዜ ኣብ ገዛ ተዓቢጣ ብምውዓል፡ እኹል ጸሓይ ብርሃን ትረክብ ከምዘየላ ምስ እትግንዘብ፡ ዋሕዲ ቫይታሚን ‘ዲ’ ከይህልዋ ናብ ሓኪም ብምኻድ ዘድሊ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል እያ።

**ነፍሱጾር ንጥፍቲ ክትከውን ይግባእ**

ነፍሱጾር ኮይና ተረዪዓ ትውዕል እንተኾይና ንጥዕናኣን ንጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ጸቡቕ ኣይኮነን።

ተረዪዐን ዝውዕላ ነፍሱጾራት ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ከማዕብላ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ብሕማም ሽኮር፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖን ሃርሃርታ ደምን ክጥቅዓ ይኽእላ እየን።

ምውስውስ ኣካላት ናይ ምኻያድ ልምዲ ዘለኪ ምስ እትኾኒ ድሕሪ ጥንሲ'ውን ነቲ ምውሰዋስ ክተካይድዮ ይግባእ። ንውሓትን ክብደትን ናይቲ ተካይድዮ ምውሰዋስ ኣካላት ምስ ሓኪምኪ ተመያይጥኪ ክትልክዕዮ ከም ዘለኪ ግና ኣስተብህሊ።

ምውሰዋስ ኣካላት ናይ ምኻያድ ልምዲ ዘይብልኪ ምስ እትኾኒ፡ ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ዘካይዳ ክለባት ክትኣትዊ ዘድሊ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ንጥፍቲ ክትኮኒ ከም ዘለኪ ግና ኣይትዘንግዒ። ምስ ዓቕምኺ ዝሳነ ብእግሪ ምጉዓዝን፡ ኮፍ ኢልካ ኣእዳውካን ኣእጋርካን ምንቅስቓስን ዝኣመሰሉ ምውሰዋስ ኣካላት ክተካይዲ ትኽእሊ።

ነፍሱጾር ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሳዕ ን30 ደቓይቕ ዝጸንሕ ፍኹስ ዝበለ ምውሰዋስ ኣካላት ክተካይድ ይግባእ።

**ኣብ እትወስደዮም መግብታት ኣድህቦ ምግባር**

ገለ መግብታት ብቐሊሉ ስለ ዝበላሸዉ፡ ረኽስታት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። እዞም መግብታት ‘ቶክሶፕላስሞሲስ’ (toxoplasmosis) ደብዛሉ። ገሊኦም ከም ‘ሳልሞኔላ’ (salmonella) ዝኣመሰሉ ጀርምታት ንመግቢ ብምምራዝ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ መግብታት'ውን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን ‘ኤ’ን ‘ሜርኩሪ’ን ስለ ዘለዎም ንደረጃ ዕብየት ናይቲ ዕሸል ይሃስዩ እዮም።

**ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምክትታል**

ምንቅስቓስ ዕሸል እቲ ቀንዲ መለለዪ ኩነታት ጥንሲን ዕሸልን እዩ። ነፍሱጾር፡ ካብ 24 ሰሙንታት ንደሓር ዘሎ ግዜ ጥንሲ ኣትሒዙ፡ ንምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ብግቡእ ክትድህበሉ ይግባእ። ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምስ ዝጎድላ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክትገብር ኣለዋ።

**ግቡእ ቀላሒታ ኣብ ኣጉዚብ ኣደቓቕሳ**

ነፍሱጾር ብፍላይ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብ ኣጉዚብ ኣደቓቕሳ ግቡእ ኣድህቦ ክትገብር ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕቖኣ ምድቃስ ምስ እተዘውትር፡ ዝሞተ ናጽላ ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ብዕጽፊ ከም ዝዛይድ መጽናዕትታት የመልክቱ። ነፍሱጾር ብጎና ክትድቅስ ከም ዘለዋ እዩ ዝምከር።



**ዘይንቡር ምልክታት ከየጋጥማ ግቡእ ቀላሒታ ምግባር**

ነፍሱጾር ኣብ ግዜኡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ምስ እትገብር፡ ኪጋጥማ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማት ንምክትታል ኣጸጋሚ ኣይከውንን። ንጥዕናኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምሕላው፡ ባዕላ ኣብ ገዛኣ ትገብሮ ምክትታል ከም ዘሎ'ውን ክተስተብህል ይግባእ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት፡ እቲ ዕሸል ጸቡቕ ከም ዘየለ ዝሕብሩ እዮም።

• ምፍሳስ ደም ኣብ ርሕሚ፡
• ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡
• ሃንደበት ዝመጽእ ቀጻሊ ቃንዛ ከስዐ፡
• ዘይገድፍ ከቢድ ሕማም ርእሲ፡
• ተደጋጋሚ ረሃጽ ኣብ ገጽ፡ ኢድን እግርን
• ሕውዝውዝ ምባል፡
• ተደጋጋሚ ሰሓ ኣብ ኢድን እግርን
• ምዝሓል ወይ ምጉዳል ምንቅስቓስ ዕሸል ወዘተ።



# ርእይቶ

የማነ ዳዊት ግደ

## መኣዲ መርዓታትና እውን ንኽሰምር

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኩለን እምነታት ኤርትራ፡ ምፍልላይ ስጋ እስላምን ክስታንን ሃይማኖታዊ መምርሒ ከምዘይኮነ ንመጽሓፍት ሕወየት ዘለዎ መብርሂ ኣቕሪቦ ነይሮም። ሃይማኖታዊ መምርሒ እንተዘይኮይኑ፡ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡ እንታይ ክኸውን ከምዝኸእል ንምፍላጥ ብዓቕመይ ዘየደኩዎ ዳህሳስ ታሪኻዊ ጽሑፋት ይስዕብ።

### ካብ መዛግብቲ ታሪኽ

### 1. ኣብ ጥንታዊ ታሪኽ፤

ብእምነትን ዓሌትን ዝተደረኸ ብስጋ ናይ ምፍልላይ ጉዳይ፡ ካብ ጥንቲ ዝወ-ተር ከም ዝነበረ ዝጠቕስ ዝበደመ ሓበሬታ ኣሎ። ሄሮዱቱስ (Herodotus) ኣብታ ታሪኻት (Histories) ዘርእስታ ቅድሚ 2500 ዓመት ዝጸሓፋ ከም ፈላሚት መጽሓፍ ታሪኽ እትፍለጥ (430 BC - ቅድሚ ሓባራዊ መዋእል ዝተጻሕፈት) ድርሰቱ ጠቒሱዎ ኣሎ። ንሱ፡ ኣብ ጥንታዊት ግብጺ፡ ጣኦታውያን ኣማልኽቲ ኣብ ዝኾመኑሉ ዝነበረ መድረኽ፡ ብኻራ ኻልኦት ዝተሓርደ ስጋ እንስሳ ዘይምብላዕ ልምዲ ከም ዝነበረ ይገልጽ። ሄሮዱቱስ ኣብ ገጽ 110 ናይቲ ብሄንሪ ኬሪ (Henry Cary) ኣብ 1896 ዝተተርጎመ መጽሓፉ "ዝኾነ ግብጻዊ፡ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ፡ ንግሪኻዊ ሰብኣይ ኣብ ኣፉ ከይስዕም፡ ብናቱ ካራ፡ መጥበሲ ዘንጊን (Spit)፡ ቁራዕን (Cauldron) ከይጥቀምን ከምኡ'ውን ብኻራ ግሪኻዊ ዝተሓረደ ንጹህ ስጋ ብዕራይ (ላም ንጥኣት ኣምላኽ ኣይሲስ/ISIS ቅድስቲ ስለዝኾነት ኣይተብልዕን) ከይለክፍ ክልኩል እዩ" ዝብል ልምዲ ከም ዝነበረ መዝገቡ ኣሎ። እዚ ብስጋ ምፍልላይ እምነት፡ ኣብ ጥንታዊ ታሪኽ ዝሓለፈ ዘመናት ቅድሚ ክርስትናን እስላምን ይዘውተር ከም ዝነበረን ኣብ ከበብና ዝተሓጽረ ብርቂ ልማድ ከም ዘይኮነ ዘመልክት እዩ።

### 2. ጥንታዊ ልምዲ ፈላሻ ወይ ቤተ-እስራኤል፤

ኣይሁዳውያን ኣብቲ ብግሪኻዊ መዋእል (Hellenistic Era) ዝፍለጥ ጥንታዊ መድረኽ፡ ሃይማኖታዊ ንጽህና/Purity ንኽዕቅቡን ብቲ ዘይኣይሁድ ህዝቢ ንኸይረኽሱን (Fear of Contamination from gentiles)፡ ብሓባር ምምጋብ ዝጽይን ልምዲ ከም ዝነበሮም ይፍለጥ። ኣብ ቤተ-መቕደስ ክሰተፉ ዝፍቀደሎም ኣመንቲ ድማ፡ ምስ ዘይኣይሁድ (gentiles) ዘይተራኸቡ፡ ሬሳ ዘይተንከፉ፡ ናይ ቀርበት ሕማም ዘይብሎም፡ ጽግያታ ንጹሁ 7 መዓልቲ ዝሓለፈት ጓለንስተይቲ ...ወዘተ ጥራይ ነበሩ። እዚ እንዳዒዚ ግን ብመንጽሂ ሕጻቦ (Ritual bath) ኑብሮም ክሳብ ዘጽርዩ ጥራይ ዝጸንሕ እዩ። እዚ ልምድ'ዚ ምስ ልምዲ ናይቶም እምነት ኣይሁድ ሐዞም፡ ኣብ ከባቢና ንልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመታት ዝተቐመጡ፡ ቤተ-እስራኤል ወይ ፈላሻ (ካብ ፈላሲ/immigrant ዝብል ቃል ዝተረኽበ) ተባሂሎም ዝጽወዑ ህዝቢ ኣገዳሲ ዝመስል እዩ። ኣብ ጎንደርን ሰሜንን ወልቃይትን ዝማእከሉ ከባቢታት፡ ኣብ መንጎቲ ብእምነት ተዋህዶ ዝዕበለ ቦታ ስለ ዝቕማጡ ድማ፡ ኣብዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ኣርእስቲ ቀጥታዊ ወይ ብዘዘዋዋሪ ጽልዋ ከም ዝበርም ዝገልጸት እዩ። ስለዚ እዩ ድማ፡ ጽሑፋት ታሪኽ ብዛዕባ ሓድሕድ ዝምድናታቶም ንዝመዝገብዎ ሓበሬታ ምጥቃስ ኣድላዪ ዝኸውን።

ኣብታ "ፍልቀት ኢትዮጵያውያን ኣይሁድ - ታሪኽ ፈላሻ ክሳብ 1920" ዘርእስታ ብጀይምስ ኩሪን (James Quirin - The Evolution of the Ethiopian Jews) ዝተደርሰት ናይ 1992 መጽሓፍ ንዘሰፈረ ጽሑፋት ምጥቃሱ ኑቲ ጽልዋ ንምርድኡ ሓጋዚ እዩ።

ኣብ ገጽ 45 "ቤተ እስራኤል ወይ ፈላሻ፡ ምስቲ ዝዐበሩሉ ህዝበ ክርስትያን ብብዙሕ ብዙሕ ዘመሳስሎም ኣሎ። ክዓውንዮም ሓደ ዓይነት እዩ። ዝበልዕዎ መግቢታት እውን ኣይፈላለን (ብዘይካ ፈላሻ ጥረ ስጋ ዘይበልዑ ምኻኖም)። ምስ ኩሉ ተመሳሳሊ ባህሎም ግን፡ እዮም ቤተ-እስራኤል ምስ ሕብረተሰብ ክርስትያን ብድሩት ኣገባብ እዮም ዝራኸቡ። ኣብ መንጎኦም መውስቦ የልቦን። ኣብ ቤቶም እውን ኣይተኣታተዉን። እዮም ቤተ እስራኤል ንኢዶ ጥቦዊ ፍርያቶም (ብጥበብ ወርቂ ሓጺን ካይላ ክእለታት ዝተፈልጡ እዮም ነይሮም) ዝኽፈልዎ ገዛዚእ። በቲ ካብኦም ዘይኮነ ሰብ ምእንቲ ከይትንከፉ፡ ኣብ ሽሓኒ ማይ ይቐብልዎ ነበሩ። ዘይኮነ ሰብ እንተ ተንኪፍዎምን ተዛራቢዎምን ድማ ኑብሮም ከንጽሁ ኣትሉዮምን ክዳኖምን ይሓጽቡ ነበሩ።" ዝብል ንረክብ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ መጽሓፍ፡ ኣብ ገጽ 152 ድማ "ብሓፈሻ ክርእ እንከሎ፡ ኣመንቲ ክርስትናን ቤተ እስራኤልን ንእገዳ መግቢ ብዙምልከት ተመሳሰልቲ እዮም። ክልቲኦም ኣብ ሕርዶት ዝጽልዩዎ ኹቶም ቃላት ክሀልዎም እንከሎ፡ ብኣሚኒ ሃይማኖቶም ዝተሓርደ ስጋ ጥራይ ደብልዑ። ክልቲኦም ኑቲ ንጹህ ዘይሓስብዎ ናይቲ ካልእ ኣጠባብላ እንክሱ ይጸግቱ" ይብል።

ብካልእ ወገን እቶም ክርስትያን ኣብ ልዕሊ ፈላሻ ዝበርም ንቀት'ውን ተጠቒሱ ኣሎ። ንሱ ኣብ ገጽ 110 ናይዚ ዝተጠቕሰ መጽሓፍ "ነም ኣጠማምታ ኣምሓራ፡ እዮም ዘይክርስትያንን መራትኣልቦ ደርብታትን ኣብ ትሕተኦም፡ በብደረጃኦም በዚ ዝስዕብ ተርታ ይምደቡ፦ እስላም፡ ቅማንት፡ ቤተ-እስራኤል (ፈላሻ)፡ ዋይቶ፡ ሻንቅላ" ይብል።

ኣብ ገጽ 111 ቀጺሉ "ህዝቢ ኣምሓራ ሰብኡይን ንንእሽቱ ብሃረት ብዋሌታዊ ኣድልዎ ዝጥምትን እዩ ነይሩ። ንኣብነት፡ **እስላም ዝሓረድዎ ስጋ ኣይበልዑን፤** እስላም ዝሰተዩላ ኩብያ፡ ኑቲ ርኹስ መንፈስ ንምርሓቕ ሰለስተ ግዜ ብምጽላይን ብማስትንፋሰን ከየንጸሁ ኣይጥቀሙላን..." ይብል። ኣብ ርእሲ ፈላሻ ከኣ ዝሃዳ ሰማኣት ዝበርም ይመስል። ኣብዚ ዝጠቐስናዮ ገጽ "ክርስትያን ኑቶም ፈላሻ ከም ርኹሳትን ሓደገኛታትን ይቖጽሩዎም... ቡዳን እኩይ ዓይኒን (Evil-Eye) ከምዘለዎም ገይሮም ይኽሱዎም...." ዝብል ሰፊሩ ኣሎ።

እዚ ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኰሰ ጥንታዊ ዝምድናታት ኣህዛብ'ዚ፡ ኣብቲ ክሳብ ዘመንና ዝጸሓ ናይ ኣመጋግባ ፍልልያት ጽልዋ ከም ዝሓደገ ክወሰድ ይከኣል።

### ቀርኒ ኣፍሪቃን ሃይማኖታዊ ረጽምታትን

ኣብ ዝሓለፈ 5-6 ዘመናት፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዙሕ ሃይማኖታዊ ኩናት ከም ዝተኻየደሉን ብዙሕ ደማ ከም ዝተጻሕፈሉን ዝፍለጥ እዩ። ምናልባት ኣመንቲ ክልቲኡ ሃይማኖታት ብተመጣጢኒ ብዙሒ ዝርከቡ ናይ ቀንቅን ከባቢ ኮይኑ ስለዝጸንሐን ሓደ ኣብ ርእሲ'ቲ ካልእ ድማ ብምልእኣት ስለ ዘይተዓወተን፡ ዝያዳ ካልእ ከባቢታት ኣፍሪቃ ብዘዕርፍ ሃይማኖታዊ ኩናት ዝተሓመሰ ዞባ እዩ። ኣብዚ ዞባ ነበርቲ ግዝኣታቶም ከስፋሕፍሑን እምነቶም ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ከስገድዱን ዘጠንዎ ረጽምታትን ዓበይቲ ወግኣትን ኣገዳሲ ብዙሕ እዩ።

ብፍሉይነት፡ነዚ ዘልዓልናዮ ናይ ኣመጋግባ ፍልልያትን ናይ ስጋ ምጽጻርን ብዚያዳ ከም ዝጸለወ ዝገመቱ ኣብ ሰለስተ ዘመናት (16,17,19 ክፍላተ ዘመን) ዝተፈጸሙ ታሪኽ ክጠቕስ መሪጸ ኣሎኹ። ቅድሚ ናብቲ ኣብቲታት ታሪኽ ምእታውናን ብወጻእተኛታትን ብኢትዮጵያውያንን ዝተተርኸ ፍጻመታት ታሪኽ ምጥቃስናን ግን፡ ቅድሚ 19 ክፍለ ዘመን ዝነበረ መጸወዲ ንግስነታትን ግዝኣታትን ምስዚ ዘመናዊ ኣቃውማ ሃገራትን ከደናግር ስለዝኽእል፡ ኑቲ (ኢትዮጵያ (Ethiopia) ወይ ሃገረ ሓበሻ (Abyssinya) ዝብል መጸወዒታት ከብርሆ ኣድላዪ እዩ። ትሪሚንግሃም (J. Spencer Trimingham) ኣብታ "እስልምና ኣብ ኢትዮጵያ" (Islam in Ethiopia) ዘርእስታ ናይ 1952 መጽሓፉ፡ ኣብ መቕደም፡ ንዘበሮ መገለጺን ኣብ ዊኪፒድያ ዝርከብ ሓበሬታ ብምውሳኽን ክንጠቕሶ ድማ ሓጋዚ እዩ።

"ካብ ምድንጋር ንምድሓን፡ እቲ ሓበሻ 'Abyssinia' ዝብል ቃል ኑቲ ኣብ ታሪኽ ብኽብሮዊ ንግስነታት ዝፍለጥ መሬት፡ ብሴማዊ ስልጣኔ ናይ ደቡብ ዓረብ ዝተጸልወን ድሒሩ ክርስትና ዝተቐበለን፡ ቋንቋታት ግእዝ፡ ትግርኛን ኣምሓርኛን ዝዛረቡ ኣህዛብ ዝነበሩዎ ቦታ ዝጠቕስ እዩ። እቲ ኢትዮጵያ ዝብል ቃል ግን ኣብዚ መጽሓፈይ ንዝሰፍሐ ከባቢ ዝውክል እዩ። ብዘይካ ኑታ ብምልክ ካልኣይ ዝቖመትን፡ ሕጂ ብሃይለስላሰ እትግዛእን ዘላ ዘመናዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዝጠቐስሉ፡ እቲ ኢትዮጵያ ዝብል ስም ኑቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝርከብ ሰፊሕ ጀኦግራፍያዊ ዞባ ማለት ንኹሎም ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ (ትሕቲ መግዛእቲ ፈረንሳ)፡ ብብሪጣንያን ብጣልያንን ዝግዛእ ክፋላት ሶማልን ዘጠቓልል እዩ" ክብል ገሊጹዎ ኣሎ።

ሓቁ እዩ "ኢትዮጵያ" ዝብል ጥንታዊ ቃል፡ መጸወዲ ናይቲ ኣብ ደቡብ ሰሃራ ዝነብር ጸለም ህዝቢ ኣፍሪቃ እዩ ነይሩ። "ኣብ ግሪኽሮማዊ ጽሑፋትን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ዝጥቀስ "ኢትዮጵያ" ዝብል ስም፡ ኑቲ ጥንታዊ ኑብያ ወይ ኩሽ ዝምልከት እዩ ነይሩ። ኣብ 3ይ ክፍለ ዘመን፡ "ንግስነት ኣኽሱም ብምዕራብ ምስ ኢትዮጵያ (ኑብያ ወይ ናይ ሕጂ ሱዳን) ይዳወብ" ነይሩ ዝብል ሓበሬታ'ውን ኣብቲ ንኣመጻጽኣ ናይቲ ቃል ዝገልጽ ክፋል ዊኪፒድያ ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ። ስለዚ ድማ ነብቲ፡ ቅድሚ 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ዝነበረ ታሪኽ፡ እቲ ኢትዮጵያ ዝብል ስም ኣብ ዝጥቕሰሉ፡ በቲ ቀዳማይ ሰፊሕን ጥንታውን ትርጉሙ ክንገንዘቦ ኣድላዪ እዩ።

### ኩናት1529-1543 (ወራር ኣሕመድ ግራኝ)

ብኣሕመድ ግራኝ ዝምራሕ እስላማዊ ሓይሊ (ዘቲ ስልጣን ኣዳል'ውን ይብሃል) ብሃረሪ፡ ዓፋርን ሶማላውያን ሃዲያን ዝቖመ፡ ብኦቶማን ቱርካውያን ኣዕራብን ሰፊሕ ደገፍ ናይ ሰብን ኣጽዋርን ዝነበሮ እዩ። ካብ ሃረር ተበጊሱ፡ ንሃጼ ልብነድንግል ደፊኡ ንዘተቐጻጸሮ ህዝቢ እና ኣማስለመ ድማ ንዳርጋ ሰለስተ ርብዒ መሬት ሓበሻ ኣብ ግዝኣቱ ዘእተወሉ ሰፊሕ ኩናት ኣካየደ። ሃጼ ልብነድንግል፡ ንወራር ኣሕመድ ግራኝ ንበይኑ ክከላኸል ከም ዘይክእል ምስ ኣመነ፡ ንንጉስ ፖርቱጋልን ንሊቀ ጳጳስ ካቶሊካዊት ሮማን ካብ ወራር እስላም ከድሕንዎ ተማሕጺኑዎም። ንሱን መንግስቱን ድማ ናይ ሊዝቦን (ፖርቱጋል)ን ናይ ካቶሊካዊት ሮማን ተገዛእቲ ክኾኑ ዝመብጽዕ መልእኽቲ ለኣኸ። በዚ ድማ ሰራዊት ፖርቱጋል ኣብ ጎኑ ከም ዝተሰለፉ፡ ኣብ ገጽ 55-64 ናይቲ "የኢትዮጵያ ታሪክ፡ ከሃጼ ልብነድንግል እስከ ዓጼ ቴዎድሮስ" ብተክለጻድቅ መኩርያ (1958) ተመዝጊቡ ኣሎ።

በዚ መሰረት ክሪስቶፋው ዳጋማ ዝመርሖም 400 ሰራዊት ፖርቱጋል፡ ምስ ሓያሎ ኣጽዋሮም ናብ 'ኢትዮጵያ' ኣተዉ። ኣብ 1542 ኩሎም ምስ ሓይልታት ሃጼ ገላውዴዎስ (ሃጼ ልብነድንግል 1541 ሞይቶም) ኮይኖም ተደጋጋሚ ግጥማት ብምክያድ፡ወተሃደራት ፖርቱጋል ክሳብ 140 ጥራይ ዝተርፉ ተዋግኡ። ኣብ መወዳእታ፡ እቶም ዝተረፉ ፖርቱጊዛውያን ዓቕሙ ዘይልደለ ሰራዊት ንጉስ ገላውዴዎስ፡ ንኣሕመድ ግራኝ ኣብ ውግእ ከቢ ወሎ፡ ኣብ ለካቲት 1543 ቀተልዎ። ሰራዊት ግራኝ ድሕሪ ሞት መራሒኦም ተብታቲኑ ናብ ሃረር ተመልሱ። እዚ ን15 ዓመት (1529-1543) ዝቐጸለ ሃይማኖታዊ ኩናት፡ ብኽልቲኡ ወገን ኣማኢታት ኣሽሓት ህዝቢ ዘህለቐን ኣማኢት ኣብያት ክርስትያንን መሳጊድን ዝዓነዉሉ፡ ሰባት ካብ ክርስትያን ናብ እስላም፡ ካብ እስላም ናብ ክርስትያን እምነቶም ክቕይሩ ዝተገደዱሉን መሪር እዋን ነበረ። በዚ ድማ እዚ ፍጻመ'ዚ ንዝምድና ክልቲኡ ሃይማኖታት ከም ዘረሓሓቐ ዝወስዱዎ ኣለዉ።

ጥዑሁን በጁታል ዘለው ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ኣብታ The Semiotics of Christian Islam Knife. Meat and Knife as Markers of Religious Identity ዝሰመያ መጽናዕታዊት ዓንቀጹ፡ ኣብ ገጽ 56፡ ኑታ ብTriminigham "Islam in Ethiopia" እትብል ናይ 1952 መጽሓፍ ብምጥቃስ፡ "እዚ ናይ ክርስትያንን እስላምን ናይ ስጋ ፍልልያት፡ መዓስ ከም ዝጀመረ ብልክዕን ብዘየወላውልን ዘይፍለጥ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መንጎቲ ብሃጼ ልብነድንግል ዝምራሕ ክርስትያናዊ ሓበሻዊ ንግስነትን ብኣሕመድ ግራኝ ዝምራሕ እስላማዊ ሰልጣናት ኣዳልን ካብ 1529-1543 ዝተኻየደ መሪር ውግእ ንዝምድና ክልቲኡ እምነታት ዘበኣሰወን ኑቲ ምጽጻጻ ዘጋደደን ልምዲ ክኸውን ይኽእል" ዝብል ግምጋም ሂቡ ኣሎ።

ይቕጽል...



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project Mechanical Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Project Engineer will specialize in project execution and be responsible for project engineering planning, procurement and execution of projects.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Prepare, schedule, coordinate and monitor the assigned project engineering works
- Monitor compliance to applicable codes, practices, QA/QC policies, performance standards and specifications
- Interact daily with the clients to interpret their needs and requirements and represent them in the field
- Perform overall quality control of the work (budget, schedule, plans, personnel's performance) and report regularly on project status
- Assign responsibilities and mentor project team
- Cooperate and communicate effectively with Project Superintendent and other project participants to provide assistance and technical support
- Review project mechanical engineering deliverables and initiate appropriate corrective actions

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Executing
- Closure

**Unique requirements/other information**

- Attention to detail and ability to enforce engineering standards as required by specifications.
- Excellent understanding of quality management systems on complete project life cycle.
- Candidate must be physically and medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| o Recognized trade certificate in engineering.<br>o Certification from an internationally recognized engineering body. | o At least 10 years of continuous experience in a similar role in mining, engineering and construction background<br>o Advance understanding in project engineering and project life cycle management<br>o Ability to formalize engineering procedures, templates and structures on projects |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Proven working experience as a Project Engineer<br>o Advanced MS Office skills<br>o Familiarity with engineering rules, regulations, best practices and performance standards<br>o Ability to work with multiple discipline projects.<br>o Project management and supervision skills | o Assertiveness<br>o Good communication skills<br>o Organized<br>o Team player |

2. **Position: Senior Underground Planning Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Assist the Underground Chief Mining Engineer with planning, scheduling, coordination, monitoring, and management of all underground projects.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Underground Project Planning and Management
- Administration
- Budgeting
- Mine Engineering
- Report Writing

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| o Degree in Mining Engineering<br>o Qualification in Business Administration/Project Management is desirable | o Minimum of 7 years' experience in the mining industry.<br>o 5+ years working experience in hard rock underground mining.<br>o Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>o International experience is desirable particularly in Africa |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Computer Literacy<br>• MS Office – Intermediate, Excel – Advanced; MS project – Advanced).<br>• Competent in mining and scheduling software, i.e., Surpac, Datamine, Deswik, VentSim, Map-3D<br>o Strategic planning, Project planning, Budgeting.<br>o Plan, organise, and execution., Risk management and assessment. Analytical and Problem solving.<br>o Technical Report writing, A good knowledge of the mineral reporting codes, including the NI43-101 and JORC code, Cost modelling | o Communications, Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>o Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>o Interpersonal skills.<br>o Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>o Good leadership skills |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

1. 3.Position: HME Operator
   Department: Processing and Underground Operations
   Number required: One (02)

Primary Purpose
- To plan sectional activities and drive the loader to move economic metal bearing ore /concentrate from shade to appropriate tips,
- Supervise sectional activities to ensure compliance with requirements and transport materials/equipment to various production locations to facilitate production continuity

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS
- Planning
- Implementation of the plan
- Reporting

Unique requirements / other information
- Ability to operate all underground equipment
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Trade certification to operate underground Loader, Dump truck, Rigs, and ancillaries' equipment.<br>○ Valid blasting license.<br>○ Valid driver's license | ○ 5 years working experience in underground mining environment.<br>○ Prior experience as a Loader/Dump truck /rig Operator.<br>○ Prior experience operating remote LH410, XTUW-5, ST 18, LH17i, remote R2900 Loaders or similar.<br>○ Prior experience operating XTIUI- 20, TH 545,MT 42 Dump trucks or similar<br>○ Prior experience operating DL321, DD321<br>○ Prior experience operating underground support equipment<br>○ Read & write English language.<br>○ Able to perform basic machinery troubleshooting task. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Ability to work long shifts both day and night shift.<br>○ Risk management and assessment.<br>○ Analytical and Problem solving<br>○ Excellent Hand-Eye Coordination | ○ Ability to work under pressure.<br>○ Take instruction from supervisor/crew leaders, Excellent teamwork skills, Excellent Communication skill, Ability to work towards strict deadlines, Interpersonal skills |

4 Position: Shift Supervisor
   Department: Processing and Underground Operations
   Number required: one (01)

Primary Purpose
- To organize and supervise the shift operations concerning mechanized drilling, lashing, and tramming of ore to ensure safe attainment of set targets.
- Accountable for delivering individual and team production targets and coaching/mentoring of team.
- Contribute as a member of a committed, high-performance team.
- Provide visible leadership of the underground mine production operations and all other related.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS
- To ensure that set targets are achieved
- To prevent injury to personnel and safeguard company property.
- To enhance their performance
- To meet statutory requirements
- To ensure effective and efficient completion of task
- To provide information for attention/decision making
- Health, Safety and Environment

Unique Requirements / Other Information
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Diploma in mining or equivalent experience in underground, Valid Blasting License, Valid First Aid Certificate, Experience in underground hard rock mining is essential with SLOS | ○ 3 years progression through lower ranks.<br>○ 7 years typical underground mining experience following qualification.<br>○ Knowledge of blasting operation techniques<br>○ Knowledge of Mine layouts<br>○ Knowledge of use underground equipment and machinery as well as explosive regulations. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Supervisory skills-ability to organize and co-ordinate including good liaison with other departments, Basic Computer Literacy, Good English written, verbal and organisational skills, Ability to lead a team, Excellent hazard awareness, Strong Supervisory Skill and ability to lead a team | ○ Highly organized with the ability to work independently and under pressure, Organizational skill with Ability to work under pressure, Problem solving and analytical skills, Interpersonal skills, Strong communication skills, Commitment to safe work practices, Self-motivated, Acting in sense of urgency, Accountable personality |

**General Information and other requirements:**
- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**
- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**
1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ጨረታ

ማሕበር ኤርትሮ-ጀርመን፡
1. ኣብ ትካሉ ንዝርከብ ተንቀሳቃሲን ዘይተንቀሳቃሲ ንብረት፡ ዝቆጻጸር
2. ናይ ኣባላት ማሕበር ዝርዝርን፡ ፕሮፋይልን ዘርኢ
3. ኣብ ቤት ንባብ ዝርከብ መጽሓፍቲ ዝቆጻጸር
4. ናይ ኣባላት ሰታፍ

ናይ ኾፍሰውከፍ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ፡ ኸናቱ ዲጂታል ዳታ በይዝ ብጨረታ ክሰርሕ ስለዝደለየ፡ ሕጋዊ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዝዘለዎም ተጫረቲ ይዕድም። ኣብ ሰዓታት ስራሕ ብምምጻእ፡ ናይ ጨረታ ቅጥዒ ክትወስዱ ትኽእሉ።
ጨረታ ዝዕጸወሉ ሸውዓተ መዓልቲ ካብ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ይኸውን።

ኣድራሻና፡ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን፡ ጎደና ጎረቶ 14፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ገጀረት
ቁ.ስልኪ 12 21 93

122193 www.eritrogerman.com Gureto 173 St. No. 14 P.O.Box 5871 Asmara Eritr

# ካብ ዘባታት

ብስራት ተመስገን

## ኣብ 'ሃዳሙ' ዝተረኽቡ ኣሰራት፡ ንዝያዳ ምርምር ኣፍ-ደገ ይኸፍቱ!

ጥንታውያን ኣሰራት መወከሲ ባህልን ማሕበራዊ ህይወትን ናይ ዝሓለፉ ሕብረተሰብ እዮም። በዚ ኸኣ ኣገዳስነቶም ተረኣዩ ተመራመርቲ ስነ ጥንቲ ዝለዓለ ጠመተ ሂቦም ይድህስስዎም። ምኽንያቱ ኣብ ትማሊ ዝነበረ ሕብረተሰብ ንሎሚ ይውክል ክኣብ ዝኾኑ ዕቱብ ዳህሳስን መጽናዕትን ስለ ዘድሊ። ስለዚ፡ ስነ ሕብረተሰብ ጥንታዊ ባህሊ ከካ ቅርሲ ኣብ ምዕቃብ ክዕጥፍ ልዑል ተራን ሓላፍነትን ኣለዎ።

ናይ ሰብ ኣዕጽምቲ ዘጠቓልሉ ኣሰራት እየም። ብክኢላታት ተፋሒሮም ምስ ተኣከቡ ድማ፡ ኣብ ክፍሊ ስነ ጥንቲ ተዓቂቦም መርመራ ይተኻየደሎም ኣሎ። ዝኾነ ኩዕታ ዝዳህስሱ፡ ሓሙሽተ ተመራመርቲ ስነ ጥንቲ ኣባላት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኮይኖም፡ ነቲ ዝተረኽበ ኣሰር ብዝሃብዎ ጥንቃቐዮም ክእከብዎ በቒዖም ዘለዉ።

ምፍሓር ጥንታውያን ኣሰራት ከቢድ ብድሆ ዝሓትትዩ። ሓደ ኩዕታ፡ ከም



ኣቶ ክፍለ ፍስሃጽዮን (ብጸጋም ዘሎ) ምስክር እናተቐበለ

ኣብ ኤርትራ'ውን ኣብ ጠዩት እዋናት፡ ንታሪኽን ባህልን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝገልጹ ብርክት ዝበሉ ቅርሲታት ብሃገር ደረጃ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ተረኺቦም እየም። እዞም ቅርሲታት ድማ፡ ገሊኦም ኣብ ምድሪ፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ባሕሪ ዝተረኽቡ ምዃኖም፡ ሰነዳት ቤተ መዘክር ኤርትራ ይሕብሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ፡ ናብ ጎቦ ኣብ ዝወስድ መንገዲ፡ ምትዕርራይ እናተገበረ ከሎ፡ ዝተፈላለዩ ዓቐንን ቅርጽን ዘለዎም ዕታሩ፡ ብኣቶ ክፍለ ፍስሃጽዮን ተቐሚጡ ምምሕዳር ሃዳሙ ተረኺቦም ኣለው። ኣቶ ክፍሉ ነቲ ዝረኸቦ ጥንታዊ ኣሰራት ሐዚ ብቐጥታ'ዩ ናብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣምሪሑ። እቲ ሓበሬታ ከኣ ብመንገዲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቢሉ፡ ናብ ተመራመርቲ ስነ ጥንቲ ምስ በጽሐ፡ ኩዕታ ብ10 መስከረም 2025 ጀሚሩ።

እቶም ተረኺቦም ዘለዉ፡ ዝተፈላለየ ስርሓት ካይላ ኮይኖም፡ ከም ዕታሩ፡ ዕንቁታት፡ ናይ ወርቂ ስልማት፡ ከምኡ'ውን

ኩነታቱ ካብ ወርሒ ክሳብ ዓመታት ክቐጽል ይኽእል። ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝተረኽበ ኣሰር ግን፡ ኣብ ሓውሲ ሕጻ ሓመድ ስለ ዝተረኽበ'ሞ ነቲ ኩዕታ ስለ ዘቕለሎ፡ ኣብ ውሱን መዓልታት ክዛዘም ክኢሉ።

ነቲ ኩዕታ ዝመርሐ ዘሎ ተመራማሪ ስነ ጥንቲ ዶክተር ጼጋይ መዲን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቅድሚ ሕጂ ብዝነበሮ መጽናዕቲ፡ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ሃብታም ትሕዝቶ ቅርሲ ዝሓቖፈ ከባቢ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰራት ድማ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ንዝያዳ ዳህሳስን ምርምርን ዝድፍእ ከም ዝኾነ'ውን ሓቢሩ። ነቲ ኣሰራት ንዝረኸበ ተቐማጣይ ሃዳሙ ኣቶ ክፍለ ፍስሃጽዮን፡ ስለ ተገዳስነቱን ንቕሓቱን መጉሰ። ካልኦት ዜጋታት'ውን ኣሰራት ምስ ዝረኽቡ ተመሳሳሊ ተበግሶ ክወስዱ ኣዘኻኺሩ። ኣብ ምስራሕ ጽርግያን ምኹዓት መሬትን ተዋፊሮም ዝተፈላለየ ልምዓታዊ ንጥፈታት ዘካይዱ ዘለዉ ዜጋታት ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝዓብርዎ ስራሓት፡ ከምዚ ናይ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣሰራትን ካልእ ጥንታዊ ነገራትን ክረኽቡ

ስለ ዝኽእሉ፡ ብንቕሓት ግዝኣቶም ክዕቅቡን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ሓበሬታ ክመሓላለፉን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ 2006 ዓ.ም፡ ኣብ ከባቢ ኣወለዕጸራ፡ ኣፈልባ ኮርኮርዩ፡ መጻሉን ሃዳሙን ብዙሓ ኣሰራት ስነ ጥንቲ ዝምልከት ሓፈሻዊ መጽናዕቲ ተኻይዱ ከም ዝነበረ፡ ዶክተር ጼጋይ መዲን ይገልጽ። ንኣብነት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝርከብ፡ ማእከል ማሰልጠኒ ሓይልታት ጸጥታን ፖሊስን ኤርትራ፡ ክህሎ ከሎ፡ ዝተፈላለየ ኣሰራት ከም ዝተረኽቡ ይሕብር። ኣብ ኮርኮርያ'ውን መዛብር ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ንሰለስተ ወርሒ ዝተኻየደ ዓሚቝ መጽናዕቲ ተገይሩ፡ ገለ ኣሰራት'ውን ተረኺቦም እዮም። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ'ዚ ጹሑያዊ ጸጋ ዝዋደደሉ ዘሎ ጎቦ ሃዳሙ እውን ኣሰራት ተረኺቦም ነይሮም። እዞም ዝተረኽቡ ቅርሲታት፡ ተወሳኺ መጽናዕትታትን ምርምርን ዘድልዮም'ኳ እንተ ኾኑ፡ ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ድማ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ከባቢ ዝነበረ ስልጣኔታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ምዃኖም፡ ዶክተር ጼጋይ የብርህ። እዞም ሕጂን ኣቐዲሞምን ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ተረኺቦም ዘለዉ ኣሰራት ድማ፡ ነቶም ቅድሚ ሕጂ ዝተገብሩ መጽናዕትታት ዘራጉዱ ርኽበታት ስለ ዝኾኑ፡ ኣብኡ ዝተኻረ ዳህሳስን ምርምርን ክሕይል ከም ዘለዎ ኣገንዚቡ።

ስነ ጥንቲ ካብ ቅርሲታት ተበጊሱ ንሕብረተሰብ ዘጽንዕ ዓውዲ ስነ ፍልጠት እዩ። እዚ ዓውዲ እዚ፡ ኣብ ታሪኽ መረጋገጽን መወከስን ዝኾኑ ኣሰራት ዝህንድ፡ ካብ'ቲ ዝተረኽበ ናይ ኣስከሬን ጥንታዊ ኣሰራት ተበጊሱ፡ ብዙሓ ዝጸንዑ ዓሌታት ህዝቢ ይኹን እንስሳታት ንጹር ሓበሬታ ዝህብ እዩ። ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ ድማ እኹል መርሓ ዝዋጠቑ ክሳብ ዝኾኑ፡ ነቲ ዝተረኽበ ኣሰራት ብዝሃብኦ መርሚርም፡ ክንደይ ዓመት ከም ዝነበረ ዝሕብሩ፡ ብዛዕባ'ቲ ሕሉፍ መድረኽ እኹል መረዳእታ ዝህቡ እዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ተረኺቦም ዘለዉ ኣሰራት፡ እዚ ዝስዕብ ኣቃውማ ዝጸንሖም እዮም። ብምሉኦም ድማ ኣብ መቓብር ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ከቢቦም ዝተረኽቡ እዮም። እቶም ዝተረኽቡ ዕታሩ፡ ብጠቕላላ 13 ብዝሒ ዘለዎም ኮይኖም፡ ነቲ ሬሳ ብየማኑን ጸጋሙን ከቢቦሞ ተቐሚጦም ጸኒሖም። እዞም ዕታሩ ሓመድ መሊኦም'ኳ እንተ ተረኽቡ፡

ኣብ ወሸጦም ግን ገለ ትሕዝቶ ሓቒፎም ምስቲ ኣስከሬን ዝተቐመጡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካልእ፡ ኣብ ከባቢ ክሳድ ናይ'ቲ ኣስከሬን ስልማት ዕንቊ ክርከብ ከሎ፡ ኣብ ከባቢ እዝኑ ድማ ስርሓት ወርቂ ዝኾኑ ቀለቤት ተረኺባ ኣሎ። ብሓደ ወገን ናይ'ቲ ኣስከሬን'ውን ወጽኢት ብሮንዝ ዝኾነ ንብረት ጸኒሑ እዩ። እዞም ኩሎም ኣሰራት ኣብቲ መቓብር ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ምርካቦም፡ ንዝያዳ መጽናዕትን ምርምርን ዝዕሕብ እዮም።

ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ሰባት ኣብ ዳግማይ ትንሳኤ ማለት ሰባት እንተ ሞይቶም ይትንስኡ እዮም ኢሎም ይኣምኑ ነይሮም እዮም። ብፍላይ ግብጻውያን፡ ናይ'ዚ ዳግማይ ትንሳኤ ዝብል እምነት ተኸተልቲ ምንባሮም፡ ኣብ ሃገረ ግብጺ ዝርከቡ ጥንታውያን ሃመራት ዘማእክርዎ እዩ። ስለዚ፡ ምስ ዓታሩ ማይ፡ ጸሕሊ፡ ዘይቲ፡ ምኡዝ ሽታ ዘለዎ ጨና፡ ከምኡ'ውን ምስ ስልማቶምን ኣቕሑቶምን ይቐብሩ ከም ዝነበሩ ይዝንቶ። እቲ ንብረት ምስኦም ዝቐብር ከኣ ምስ ተንስኡ ክጥቀሙሉ ብዝብል ሓሳብ እዩ።

ተመራመርቲ ናይዚ ዓውዲ፡ ናብ መመርመሪ ክፍሊ ቅድሚ ምኻዶም፡ ሃሳስ ግምታት ክቕምጡ ንጹር ማስረሕ እዩ። እዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝተረኽበ ኣሰራት ድማ፡ ብመጽናዕቲ'ኳ ዝጸረ እንተ



ኾኑ፡ ምስ ባህሊ ግብጻውያን ምትእስሳር ክህልዎ ከም ዝኽእል ግን ግምታት ኣሎ። ንኣብነት፡ እቲ ኣስከሬን ኣብ ግዜኡ ብዓል ስልጣን ዝነበረ ክኸውን ከም ዝኽእል ይግመት። ምኽንያቱ፡ ኣቀባብራኡ ምስ ናይ መሳፍንቲ ወይ መራሕቲ ዝመሳሰል ስለ ዝኾነ። ከቢቦምዎ ዝተረኽቡ ዕታሩን ስልማታትን'ውን፡ ተራ ሰብ ከም ዘይነበረ ግምት ክህብ ዝኽእል እዩ። ኣብ'ቲ መቓብር ብሮንዝ ምርካቡ'ውን፡ እቲ ኣስከሬን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ናይ ዝነበረ ሰብ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝርከብ ተመራማራይ ስነ ጥንቲ ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተ ግምታቱ ይህብ። ኣቶ ምሕረትኣብ፡ "ኣሰራት ምስ ተረኽቡ፡ ብዙሕ እንተታት ክለዓሉ ንቡር'ዩ። እዞም እንተታት ድማ ድሕሪ መርመራ'ዮም ብንጹር መልሲ ዝረኽቡ። እዚ ረኺብናዮ ዘለና ኣሰራት ከኣ ግቡእ መጽናዕትን መርመራን ምስ ገበርናሉ ኢና፡ እቲ ዝሓሸ ሓበሬታ ክንህቡሉ ንኽእል" ክብል ድማ ይውስኽ።

ሓላፊ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ ኪዳነ ፍስሃየ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ሕጂን ቅድሚ ሕጂን ኣብ ዝተረኽቡ ኣሰራት ዕዙዝ ምንባሩ



ዶ/ር ጼጋይ መዲን



ኣቶ ኪዳነ ፍስሃየ

ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ኣሰራት ኣብ ዝረኽቡሉ ግዜ፡ ተቐላጢፎም ንቤት ጽሕፈት ኮምሽን ባህልን ስፖርት ክመጽኡ ተላቢዩ። ቅርሲ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ታሪኽ ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ምዕቃብ ቅርሲ ዘሎ ኣረኣእያ ክዓቢ ከኣ ኣቶ ኪዳነ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰራት፡ ኣቶ ክፍለ ፍስሃጽዮን ንዝምልከቶ ኣካል ቅልጡፍ ሓበሬታ ሳላ ዝሃበ፡ ካብ ምስባርን ካልእን ክድሕን ገይሩ እዩ። ዝጠዘሐ ብጥዑዩ ተፋሒሩ ተኣኪቡ ስለ ዘሎ ከኣ፡ መርመራ ምስ ተገብረሉ፡ ኣብ ምግላጽን ምድህሳስን ጥንታዊ ታሪኽ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዓቢ ግደ ክህልዎ እዩ። ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ድማ፡ ዝ ተረዲኡ፡ ነቲ ሓበሬታ ናብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝዘበጸሐ ኣቶ ክፍለ ፍስሃጽዮን ናይ ምስጋና ምስክር ወረቐት ዓዲሉ። ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብ ቅርሲ ምትብባዕ ዘድልዮ ብምዃኑ ከኣ፡ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ኩዕታ ንፈለማ ግዜኡ ዝተሳተፈ ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተ፡ እዞም ዝተረኽቡ ኣሰራት ንዝያዳ ምርምር ኣፍ ደገ ዝኸፍቱ፡ ሃብቲ ሃገር ምዃኖም ጠቒሱ፡ ንተመራመርቲ ስነ ጥንቲ፡ ሰፊሕ ዕድል ናይ መጽናዕቲ ከም ዝኸፍትን፡ ንባዕሉ'ውን ኣብቲ ከባቢ ጠመትኡ ከስፍሕ ኣኽኢልዎ ከም ዘሎን ሓቢሩ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ሓሳብና፣ ሓሳብና ድዩ?




ተመራማሪ ስነ ኣእምሮ ኬቨን ዱቶን፡ ኣብ መዓልቲ ኣስታት 400 ግዜ ናብ ዝተፈላለየ ጽልዋ ከም እንቃላዕ ይነግር። እዚ ካብ ሰብ ናብ ሰብ፡ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ዝፈላለ እኳ እንተኾነ፡ ተክኖሎጂ ብዝፈጠሮ ክውንነት እንጽለወሉ መጠን እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎ ዘካትዕ የብሉን። ካብ ተራ ዕላል ጀሚሩ ክሳብ ዓበይቲ ምርምራት፡ ካብ ዝተፈላለየ ርኽበት፡ ኵርናዕ ኣጠማምታ፡ ሕሉፍ ተመኲሮ፡ ወዘተ. ብምብጋስ፡ ሓደ መደምደምታ ናይ ምሃብ ሃቐነ ይረአ እዩ። ሰብ ካብ ዝፍጠርን ዝፈልቐን ሚልዮናት ዓመታት ኣቕጺሩ'ኳ እንተ ሃለወ፡ ገና ብዛዕባ ተፈጥሮኡን ተፈጥሮ ኣከባቢኡን ብዙሕ ዘይበጽሖ ሓበሬታ ኣሎዎ። ስለዚ፡ ካብ ውሱን መወከሲታትን ተመኲሮን ተበጊሱካ ዝግበር መደምደምታ ዓጻዊ ክይከውን ኣሰጋኢ እዩ። እንተኾነ፡ እሙን መወከስን ቅኑዕ ዕላማን ዘበገሶ፡ እወታዊ ጽልዋ ዝፈጥር ሓሳባት ክሳብ ዝኾነ፡ ክንርዕሞ ጸገም ኣይህልዋን። ይኹን እምበር፡ ዘመንና 'ዘመነ ሓበሬታ' እንክነሱ፡ ካብ እሙን መወከስን ቅኑዕ ዕላማን እናረሓቐ'ዩ ዝሳግም ዘሎ።

ኣብ ዓለምና፡ ተክኖሎጂን ሓበሬታን ብውሑዳት ውልቀ ሰባትን ትካላትን እናተባሕተ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፡ መሰረታዊ ረቛሒታት ሰብኣዊ መሰላት ዋላ'ኳ እንተኾነ፡ ምስ ናይዞም ዓርሞሸሽ ትካላት መራኸቢ ብዙሓን ሓሳባት ዝሳነ ምስ ዘይከውን እንታይ ዕጫ'ዩ ዝረክብ? መራኸቢ ብዙሓን፡ ንረብሓን መኽሰብን ሓፋሽ ክሰርሕ ዝግቦኦ ክነሱ፡ ቀዳምነታት እዘን ትካላት ግን ረብሓን መኽሰብን ወነንቲ እዩ ዘተግብር። ናይ ትሑት ዝዓቕሞም ሕብረተሰባት መራኸቢ ብዙሓን ብደረጃ ዓለም ጽልዋኡ ኣዝዩ ትሑትን ዳርጋ ኣብ ግምት ዘይኣቱን እዩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኣዝዩ ጸላውን ኣማእዛንን ጽሑፋትን መጽሓፍትን ዘበርከተ፡ ፈላስፉን ተመራማሪ ስነ ቋጠባን ዝኾነ ኣመሪካዊ ናኦም ቾምስኪ እዩ። ናኦም ቾምስኪ፡ ዝዓበየ ዕላማን ተልእኾን ማዕከናት ዜና ዓለም ብሓፈሻ፡ ብቐንዱ ከኣ ማዕከናት ዜና ምዕራባውያን ሃገራት፡ ረብሓ ወነትንቲ እዘን ትካላትን ሰብ ማልን ምዃኑ ብምብራህ፡ ነዚ ንውሓስ ከኣ ከም ድላይካ ዝጠዋወን ክምእዘንን ዝኽእል ኵነተን ኣእምሮን ባህልን ይሰርሓ ከም ዘለዋ ይነግር። ብኣጠቓላሊ፡ ዕላማኦም፡ ንኣታቶም ዝርብሕ ኣተሓሳስባ፡ ስነ ሓሳብን ባህልን ኣብ ሕብረተሰባት ብምኽሳኹስ፡ ዝተባህሎ ዝኣምን፡ ዝርዕምን ቅቡል ዝወስድን ልኡም ሕብረተሰብ ምግባሩ እዩ። ነዚ ንምግባር፡ ገዛእቲ ሃገራት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ በበይኑ ኣገባባት ፈቲነን እየን። ብሓይልን ምፍርራሕን፡ ብዓሌትን ሃይማኖታዊ ጽልዋን፡ ኣብ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰባት ጽልዋ ብምፍጣር፡ ምእዙዝነት ወይ ልኡምነት ብምፍጣር፡ ግዝኣተን ኣውሒሰንን ረብሐአን ኣበርኪተንን እየን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ብሓይሊ ሰባት ክትመርሕን ግዝኣትካ ከተውሕስን ዝከኣል ዘይምዃኑ ኣሚነን ይርከባ። እንተኾነ፡ ኣሚነን ኢደን ኣጣሚረንን ስቕ ኣይበላን፣ ቅደን ቀይረን ገና ቃልሰን ይቕጽላ ኣለዋ። ገለ ካብቲ ዝጠቀማሉ ኣገባባት፥

### 1- ዕብለላ ብዋንነት

ዕብለላ፡ ዝተፈላላየ ኣገባብን ደረጃታትን ክውሕስ ይኽእል። ኣጀንዳኻ ዘተግብሩን ረብሓኻ ዘውሕሱን ኣካየድቲ ስራሕ፡ ኣሰናዳእቲ ጋዜጣታት፡ ዳይረክተራት ራድዮን ተለቪዥንን፡ ኣካየድቲ ዌብሳይታት፡ ... ብምምራጽ፡ ልዑል ደሞዝን ሞቕሽሽን ብምሃብን ናይ ስራሕ ዕድላት ብምፍጣርን ዕብለላ ክውሕስ ይኽእል። መቐጻዕትን ምፍርራሕን'ውን ካልእ ኣገባብ ዕብለላ'ዩ። ንስነ ሓሳብ፡ ፖሊሲ ወይ ረብሓ እቲ መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስነ ሓሳባዊ ጕስጓሳትን መልእኽትታትን ከመሓላልፍ ዝተረኽበ ብቕልጡፍ ካብ ሓላፍነትን ካልእ ዕድላትን ምእላይ ሓያል መቈጻጸሪ ኣገባብ እዩ። ነዚ ኩሉ ንምግባር ግን ዋና እቲ ትካል ምዃን የድሊ። መራኸቢ ብዙሓን ምውናን ዝሓቶ ርእሰ ማል ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ውህብ ዓለማዊ ኵነት፡ እቲ ቀንድን ጸላውን መራኸቢ ብዙሓን ናይ መን ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ መራኸቢ ብዙሓን ብብሕታውያን ኩባንያታት ክውነን እንከሎ፡ ከንጸባርቖ ዝኽእል ትሕዝቶ ምፍላጡ ኣየጸግምን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ 'ጸላዊ' (influencer) ዝብል ማዕርግ ወይ ሞያ ተኣታትዩ፡ ብርክት ዝበሉ ሰብ ዋኒን ክጥቀሙሉ ንሰምዕ ኢና። ኣብዚ ዲጂታዊ ዓለም፡ ትካል ክትምስርን ዋኒንተኛ ከትከውንን፡ ዝቐለል ኮይኑ ይርከብ። ብሓሳብ ደረጃ፡ ትካላት ናይ ዋናታተን እኳ እንተኾና፡ ኣታዊታተን ግን ካብ መወዓዊታት ስለዝኾነ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ዓበይቲ ሰብ ማልን ኣውፊርትን እየን። ስለዚ መራኸቢ ብዙሓን ዝኸፈተ፡ ቀጻልነት ክህሉዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተቐባልነትን ተሰማዕነትን ክህሉዎ ምእዙዝነት ናብዘን ትካላት ከርኢ ኣሎዎ። ንረብሓታት ናይ መወልቱ ዝከላኸልን ዝዕቅብን ክኸውን ኣሎዎ። ንስነ ሓሳብ ርእሰ ማላዊ ዓለም ዝቃወም፡ ዝብድህን ዘቃልዕን መራኸቢ ብዙሓን ንነዊሕ ክሰርር ዝኽእል ኣይኮነን።

### 2- ሓበሬታ ምርካብ

ኣብ ኩለን ካብ ካልእ ዓለም ዝመጽኡ ፍጡራት (aliens) ገጸ ባህሪ ዝርከብወን ፍልምታት ተመሳሳልነት ረኺብናዶ ንፈልጥ? ኣብዘን ፊልምታት፡ እቶም ካብ ካልእ ዓለም መጺኦም ዝበሃሉ ፍጡራት ተመሳሳሊ ምስሊ ንረኽበሎም፣ እተን ዝጥቀሙለን ናይ መጓዓዓዚ ማሽናት ከኣ ተመሳሳሊ ቅርጺ ኣሎወን። እዘን ፊልምታት ዝተፈላለየ ዛንታ፡ ኵነታትን ገጸ ባህርን ኣሎወን። ደረስተንን ኣለይተንን'ውን ዝተፈላለዩ እዮም። ኩሎም ግን ተመሳሳሊ ናይ 'ኤልየንስ' ምስልን መሳርሒታትን ኣብ ፊልሞም የካትቱ። ብኸመይ ተመሰሳሊ ምስሊ ናይ ገጸ ባህሪ ክጥቀሙ ክኢሎም? ኣብ ዓለምና፡ ካብ ጠፈር ዝመጽኡ ፍጡራት ኣብ መሬት ኣሜሪካ፡ ኣውስራልያን ካልእ ሃገራትን ከም ዝተራእዩ፡ እንተኾነ ኣብ ናሳ ብምስጢር ተታሒዞ ከም ዘሎ ዝሕበር ዶኩመንታሪ ወጺኡ ነይሩ። ኣብዚ ዶኩመንታሪ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝተሓበሩ ኣካላት ግን ነይሮም እዮም። ሓደ ካብኣቶም ከኣ ኣብ ናይ ፊልም ኢንዳስትሪ ዝነጥፉ እዮም ይብል። "በዚ ምኽንያት ከኣ ናይዞም ፍጡራት ምስሊ ክፈልጡዎን ተመሳሳሊ ገጽ ባህሪ ክፈጥሩን ክኢሎም፡" ይብል። ሓቅነት ናይዚ ሓበሬታ ንጕድኒ ገዲፍና ኣብ ሓበሬታ ክርከቦ ዝኽእል ዓንኬል ምህላው፡ ክሳብ ክንደይ መሪሕ ተራ ክጻወት ይኽእል ይበርሃልካ። ሓድሽ ሓበሬታ ምርካብ፡ ኣብ ተቐባልነት ሓደ ማዕከን ዜና ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ንምርካብ ዝካየድ መስርሕ ኣዝዩ ኣህላኺ እዩ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ መራኸቢ ብዙሓን ዘሎ ውድድር ከኣ ነቲ መስርሕ ዝያዳ ብድሆ ይውስኸሉ። ሓድሽን ርጉጽን ሓበሬታ ድማ ካብ መንግስታት ወይ ካብቶም ንትካላትን ዕዳጋታትን ዝቈጻጸሩ ኣካላት እዩ ዝርከብ። እቲ ናብኦም ዝቐረበ መራኸቢ ብዙሓን እምበኣር ብቐሊሉ ሓበሬታ ናይ ምርካብ ዕድል ኣሎዎ። ስለዚ፡ ሓደ መራኸቢ ብዙሓን ባብ ዘየቋርጽ ሓድሽ ሓበሬታ ክህሉዎ፡ ግድን ንረብሓታት መንግስትን ነቶም ቀንዲ ሓይልታት ዕዳጋን ዘገልግል ክኸውን ኣሎዎ። ካብቲ ንሳቶም ዝደልዩዎ መገዲ ክወጽእ እንተ ጀሚሩ፡ ሓበሬታ ስለ ዝዕጸዎ ተቐባልነት ስኢኑ እዩ ዝወድቕ።

### 3- ስዉር ሓይሊ ምጥቃም

ንሰባት ኣብ ክንዲ ብሓይልን ጕልበትን ምስግዳድ፡ ብረቂቕ ብልሓት፡ ኣእምሮኦም በቲ ንስኻ ትደልዮ መገዲ እናኹስኩስካ፡ ኣብ ዛዕባታትካ ከም ዝርዕሙን ከም ዝኣምኑን ምግባር። ነዚ ብንጹር ከረድኣና ዝኽእል ኣብነት ኣሎ፥ ጋዜጠኛ ማህዲ ሃሳን፡ ምስ ቢ.ቢ.ሲ ብምስምማዕ ሓደ ዶኩመንታሪ ብዛዕባ ሓካይምን ኣባላት ሕክምናን ፍልስጤም ክሰርሕ ተሰማሚዑ። ብርክት ዝበሉ ናይ ዓይኒ ምስክርነት ዝሃቡ ዘካተተ ዶኩመንታሪ ከኣ ኣዳለወ። እቲ ዶኩመንታሪ፡ እስራኤል ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብዕላማ ንምዕናው፡ ንሓካይም፡ ነርሳትን ካልኦት ወሃብቲ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ዝዓለመ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደትን ተካይድ ከም ዘላን ዘረጋግጽ እዩ ነይሩ። እዚ ዶኩመንታሪ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ እቲ ክሰርሖ ዝመወለ ትካል መራኸቢ ብዙሓን (ቢ.ቢ.ሲ) ክፍኑዎ ፍቓደኛ ዘይምዃኑን ገሊጹ። ጋዜጠኛ ማህዲ ሃሰን፡ እዛ ዶኩመታሪ ንኸይትፍኖ ቢ.ቢ.ሲ ዝሃቡዎ ዘይረብሕ ምኽንያት ክገልጽ እንከሎ፡ "እታ ስራሕ ናይ ኣርኣእያ ኣድልዎ ክትፈጥር ትኽእል'ያ፡" ዝብል ምንባሩ ይገልጽ። ስለዚ፡ ነቲ ዝረኸቡዎ ዘስደምም ርኽበት ዘዛንቕ እስራኤል'ውን ብፍልስጤም ተበዲላ ከም ዘላ ዝገልጽ ሓበሬታ ክሳዕ ዘይረኸቡ፡ ከም ዘይፍንውዎ ተገልጸሉ። እንተኾነ፡ ብድፍኢት ጋዜጠኛ ማህዲ ሃሳንን ካልኦት ጸለውቲ ኣካላትን ብኸፊል፡ ነቲ ዝፈሰሰላ ጻዕሪ ዘይዳረግ ትሑት ጽልዋ ብዝህብ ኣገባብ ተፈንያ። እቲ ብእስራኤል ዝግበር ዝነበረን ዝግበር ዘሎን ኵለንትናዊ ዕንወት፡ ትሑት ኣበርክቶ ብምግባር ተረሰዐ። እዘን ትካላት ካብ ግሁድ ጸቕጥን ቍጽጽርን፡ እቲ ዝረቐቐን ዘይቀጥታውን ኣገባባት ምቍጽጻር፡ ዝያዳ ዕዉትን ካብ ሓላፍነት ዘህድምን ኣገባብ ስለ ዝኾነ ብብዝሒ ይጥቀማሉ። ብግሁድ ንናጽነት ፕረስ እናመደራ፡ ብሕቡእ ግን መላጉም መቈጻጸሪኦን የጽብባ።

### 4- ምድህላልን ምድግጋም ሓበሬታን

ሓደ ናይ ኣልጀዚራ ጋዜጠኛ፡ ምስ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሰኔጋል ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ቃለ መሕተት፡ "ንፈረንሳ ካብ ዓድኹም ሰጒጕኩማ፣ ስለምንታይ?" ኢሉ ሓተታ። ንሳ ኸኣ፡ "ንፈረንሳ ኣይሰጐጕናያን፣ እቲ ክሳዕ ሕጂ ክትህበና ዝጸንሐት ሓገዝ ብምምስጋን ድሕሪ ሕጂ ግን ብውሻጣዊ ዓቕምና ክንከይድ ምዃንና ኢና ሓቢርና፡" ኢላ መለሰትሉ። ንሱ ከኣ እቲ ትብሎ ዝነበረት ሓቂ ከም ዘይኮነ ብድፍረት ገለጸላ። ንሳ ከኣ፡ "እቲ ንስኻ ዝደለኻዮ መልእኽቲ ስለ ዘይበልኩልካ ኣይዓገብካን ትኸውን ኢኻ፣ እንተኾነ ንሱ እዩ እቲ ሓቂ፡" በለቶ። ኣብ ዝበዝሐ መደባት፡ ጋዜጠኛታት ንዘቕርቡዎም ኣጋይሽ፡ እቲ ብልሳን እቶም ኣጋይሾም ክብሃል ዝደልዩዎ ሓሳብ ምስ ዘይረኽቡ፡ ንኣጋይሾም ከሰርጣዩ ንዕዘቦም ኢና። ሞያ ጋዜጠኛነት ኣዝዩ ክቡር ሞያ እንክነሱ፡ ረብሓ ትካሎምን ውልቀ ሰባትን ንምውሓስ፡ ዝሕሰዉ፡ ዘታልሉ፡ ዘዳልዉ፡ ዘዳህሉን ዘቋንጽቡን ጋዜጠኛታት ብዙሓት እዮም። መራኸቢ ብዙሓን፡ ሓበሬታ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ንምስራጽ ካብ ዝጥቀማሉ ልሙድ ንጥፈት፡ ምድግጋም ሓበሬታ እዩ። ኣብ ኩለን ዓበይቲ ናይ ዓለምና መራኸቢ ብዙሓን ተመሳሳሊ ዜና ምስ ዝፍኖ፡ 'ሓቂ'ዩ፡' ናብ ዝብል መደምደምታ ክትበጽሕ ይድርኽ። እዚ ግን ካልእ ኣገባብ ናይ ምድህላል እምበር ሓቅነት ዘረጋግጽ ኣይኮነን።

ሓሳብ መሰረት ኣብ ዓለምና ዝርከብ ምዕባለን ገስጋስን እዩ። ብኣንጻሩ ከኣ ጠንቂ'ቲ ኣብ ዓለምና ተፈጺሙ ካብ ዝበሃል ዓበይቲ ግህሰት መሰላትን ህልቂትን ደቂ ሰብን እዩ። ሓደ ሓሳብ ብምንጽር ዝረኽቦ ተቐባልነት እዩ ጽልዋኡ ዝሕይል። ስለዚ ሓሳብ ኣብ ሓይሊ ሓሳቢኡ ዘይኮነ ኣብ ብዝሕን ሓይልን ኣመንቱን ኣተግበርቱን እዩ ዝምርኮስ። እቲ ሕጂ ኣብ ዓለምና ዘሎ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ብውሱናት ሰባት እዩ ተሓሲቡን ተሰሪሑን፡ ዝጥቀሙሉ ኣካላት ስለ ዝበዝሑ ግን ደቂ ሰብ ንምጽናት ተደናዲኑ ይርከብ። ስለዚ፡ ብዝተፈላለየ መራከቢ ብዙሓን ዝዝርጋሕ ሓሳብ ወይ ሓበሬታ ናትና ተቐብልነትን ተገባርን እዩ ሓይሊ ዝህቦ'ሞ ሓይልና ኣብ ምንታይ መዓላ ይውዕል ምስትብሃል የድሊ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያን ኢራንን ስምምዕ ኑክሌሳዊ ጸዓት ከቲመን



ፈደረሽን ሩስያን ኢራንን ኣብ ኢራን ናኣሽቱ መመንጨዊ ኑክሌሳዊ ጸዓት ንምህናጽ፡ ናይ ምርድዳእ መዘክር ከም ዝኸተሙ፡ መንግስታዊ ኮርፖረሽን ኑክሌር ፈደረሽን ሩስያ 'ሮዛቶም' ሓቢሩ።

እቲ ናይ መዘክር ስምምዕ ሓላፊ 'ሮዛቶም' ኣሌክሲ ሊካቼቭን ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ኑክሌር ኢራን መሓመድ ኢስላሚን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ሞስኮ ድሕሪ ዘቖጸሮ ኣኼባ እዩ ተኸቲሙ።

እንተላይ ምክትል ፕረዚደንት ኢራን ዝኾነ መሓመድ ኢስላሚ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣብ ኢራን ንዘሎ ሕጽረት ጸዓት ኤለክትሪሲቲ ንምፍታሕ ዝዓለመ ሸሞንተ መመንጨዊ ኑክሌሳዊ ጸዓት ክህነጽ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢራን ማሱድ ፔዘሽኪያን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ኒው ዮርክ - ኣመሪካ ዝተኻየደ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ሃገሩ ኑክሌሳዊ ቦምብ ክተማዕብል ሓሳብ ይኹን ድሌት ከም ዘይብላ'ዩ ገሊጹ።

## የመን፡ ኣብ እስራኤል መጥቃዕቲ ኣካይዳ



ኣብ ደቡባዊት ከተማ ኢላት - እስራኤል ብዝተኻየደ ደብዳብ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት፡ ብውሕዱ 22 ሰባት ከም ዝቖሰሉ፡ ሰራዊት እስራኤል ሓቢሩ።

የመናዊ ጉጅለ ሑቲ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ከም ዝወሰደሉ ድማ ኣፍሊጡ።

ኣፈኛ ሑቲ ያሕያ ሳሬ ነቲ ኣብ እስራኤል ዝተኻየደ ብርክት ዝበለ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝተሳተፍኦ ናይ ደብዳብ ስርሒት 'ዕዉት' ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጥዕና እስራኤል ድማ፡ በቲ መጥቃዕቲ ክልተ ሰባት ብኸቢድ ክቖስሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ከኣ ካብ ማእከላይ ክሳብ ቀሊል መጉዳእቲ ከም ዝበጽሖም ኣፊሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሑቲ ዝኾነኦ ግብረ መልሲ ክወስዶ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል፡ እስራኤል ካትዝ እውን ብወገኑ፡ ንእስራኤል ዝዘረመት ሃገር፡ ብሸውዓተ ዕጽፊ ዝዛይድ መጥቃዕቲ ክወርዳ ምዃኑ ፈኪሩ።

ሑቲ፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንእተካይዶ ዘላ ደማዊ ኩናት ንምቅዋም፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ብሚያት ቀይሕ ባሕሪ ኣብለን ዝሓልፋ መራኽብን መራኽብ መኻዝንታን፡ ብርክት ዝበሉ መጥቃዕትታት ሚሳይልን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ከም ዘካየደ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰራዊት እስራኤል፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ዘካይዶ ናይ ተቓውሞ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት የመን፡ ህይወት ዓሰርተታት ሰባት ዝቐዘፈን ካልኦት ኣማኢት ሰባት ዘቑሰለን ደብዳባት ምክያዱ ዝዝከር እዩ።

እስራኤል፡ ንዝበዝሐ ካብ ሑቲ ክውንጨፉ ዝጸንሑ ሚሳይላትን መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ከም ዝምከተቶ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

## መራሕቲ ዩክሬንን ሶርያን ተራኺቦም



መራሕቲ ዩክሬንን ሶርያን፡ ኣብ ከተማ ኒው ዮርክ - ሕ.መ.ኣመሪካ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ነቲ ተቛሪጹ ዝጸንሐ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ናይተን ሃገራት ብወግዒ ናብ ንቡር ንምምላስ ስምምዕ ከም ዝኸተሙ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ሓቢሩ።

ዝምድና ዩክሬንን ሶርያን፡ ፕረዚደንት ሶርያ ነበር በሻር ኣል ዓሳድ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ከም ዝተበተኸ፡ ምንጭታት የመልክቱ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ወሲኹ፡ ምስ ግዝያዊ ፕረዚደንት ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ፡ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝን ጸጥታን ኣመልኪቱ ከም እተዘራረቡ፡ ከምኡ'ውን ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት ኣብ ሓድሕዳዊ ምኽባርን ምትእምማንን ዝተመስረተ ዝምድና ክህንጹ ከም እተሰማምዑ ኣፊሩ።

ፕረዚደንት ኣሕመድ ኣል-ሻራ ኣብቲ ዓመታዊ ኣኼባ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ብቑጠባ ተዳኺማ ዘላ ሃገሩ ተበጺሑ ዘሎ ኣህጉራዊ እገዳታት ክልዓል ጸዊዑ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሶርያ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት ንመጀመርያ እዋን እያ ኣብቲ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ትሳተፍ ዘላ።

## ኢንዶነዥያ - ልዕሊ ሽሕ ተመሃሮ ብመግቢ ተመሪዞም

ኣብ ዞባ ምዕራብ ጃቫ - ኢንዶነዥያ፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተዋህቦም መግቢ በሊዖም ከም ዝተመረዙ፡ ሰብ መዚ ናይቲ ዞባ ሓቢሮም።

እቲ ኣብ ተመሃሮ ዘጋጠመ ብመግቢ ዝስዕብ ምረዛ፡ ኣብ ኣርባዕተ ከባቢታት ናይቲ ዞባ ከም ዝተራእየ ድማ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ - ደዲ ሙልያዲ ኣፊሩ።

ዝሓለፈ ሰሙን'ውን፡ ኣብ ዞባታት ምዕራብ ጃቫን ማእከላይ ሱላዌሲን ኣብ ዝርከብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ 800 ተመሃሮ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከም ዝተመረዙ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።



ፕረዚደንት ኢንዶነዥያ ፕራቦዎ ሱብያንቶ፡ ተመሃሮ ተኻፈልቲ መኣዛዊ መግቢ መደብ ክኾኑ፡ ዝሓለፈ ጥሪ ኣብያተ ትምህርታት ናይታ ሃገር ንተመሃሮ ናጻ ምሳሕ ክቐርባ ዘኽእለን ናይ 10.22 ቢልዮን ዶላር ባጀት ከም ዝሰልዓለን፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ፖሊስ ናይቲ ዞባ፡ ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ተመሃሮ ዘጋጥም ዘሎ ምምራዝ ንምፍላጥ መርመራታት የካይዱ ምህላዎም ብምጥቃስ፡ እቲ ጠንቂ ኣብ ግዜ ምዕሻግ ብዝጋጥም ታህዋኽ ዝስዕብ ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ገሊጾም።

ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር፡ ክሳብ ሕጂ፡ ኣብ መላእ ኢንዶኔዥያ ብውሕዱ 7,452 ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዝተዋህቦም መግቢ በሊዖም ተመሪዞም ኣለዉ።

## ኣብ ማላዊ ሓዲሽ ፕረዚደንት ተመሪጹ

ፕረዚደንት ማላዊ ነበር ፒተር ሙታሪካ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ 57 ሚእታዊ ድምጺ ብምርካብ፡ ነቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ስልጣን ዘሎ መወዳድርቱ ፕረዚደንት ላዛሩስ ቻክዌራ ሰዒሩ፡ ፕረዚደንት ክኸውን ከም ዝተመርጸ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ክኸውን ተመሪጹ ዘሎ ወዲ 85 ዓመት ሙታሪካ፡ ካብ 2014 ክሳብ 2020 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ፕረዚደንት ሃገረ ሪፓብሊክ ማላዊ ኮይኑ ኣገልጊሉ ምንባሩ ይዝከር።

እቶም ክልተ ፖለቲከኛታት፡ ሕጂ ንራብዓይ ግዜኦም እዮም ሓቢሮም ፕረዚደንታዊ ውድድር ዘካይዱ ዘለዉ።

ፒተር ሙታሪካ፡ ነቲ ኣብዚ እዋን ብዘቕጠበ ተዳኺሙ ዘሎ ቁጠባ ሃገሩ ንምብርባር፡ ሓያል ስራሕ ይጽበዮ ከም ዘሎ፡ ክኢላታት ይእምቱ።

ፒተር ሙታሪካ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሓዲሽ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ኮይኑ ቃለ ማሕላ ክፍጽም ምዃኑ፡ ምስቲ ጉዳይ ቀረባት ዝኾኑ ወገናት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 26/009/25 | ጎደና ዓ.ዲ. ሓወሻ 175-ቁ.ገዛ 58ከበቢ ፖስታ ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services